
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.221 ዓርቢ 16 ግንቦት 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
‘ሃካይ ዓይኒ’ - Amblyopia



ገጽ 3
ውዕል ሰላም ቱርኪን ሰልፊ ሰራሕተኛታት ኩርዲስታንን


ገጽ 4
“‘ሞያና ንሕብረተ-ሰብና’ ናይ ሎሚ ዓመት መሪሕ ቴማ ...


ገጽ 5
ተጋዳላይ፡ ካብ ጉስነት ክሳብ ማስተርነት


ገጽ 7
ዚይተሳዓርነት ዓምበርበብ ብሳዋን ክንፊን ተገቲኡ


## ሆስፒታል ኦሮታ፡ ን325 ህጻናት ዕዉት መጥባሕቲ ልቢ ተኻዪዱ

ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ብምትሕብባር ኤርትራውያንን ኢጣልያውያንን ክኢላታት፡ ን325 ህጻናት ዕዉት መጥባሕቲ ልቢ ተኻዪዱ።

ናይ ልቢ መጥባሕቲ ኣብ ህጻናት ኣብ ክልተ ከም ዝተኸፈለ ዝሓበረት ክኢላ ሕክምና ልቢ ህጻናት ፕሮፌሰር ጸገሬዳ ጉብረህይወት፡ ምስኡ ዝተፈጥረን ድሕሪ ሽዱሽተ ዓመት ብሰንኪ ሕማም ሓናት ዘጋጥምን ከም ዝኾኑ ብምሕባር፡ ወሉዲ ኣብ ምክትታል ጥዕና ህጻናት ደቆም ዕቱብት ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።


ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

ኢጣልያውያን ክኢላታት መጥባሕቲ ልቢ ህጻናት ፕሮፌሰር በርኖ ሀርዚን ዶ/ር ጉይዶ ጅያንባስቲያኒን ብወገኖም፡ ካብ 2004 ናብ ኤርትራ እናተመላለሱ ኣገልግሎት ክህቡ ምጽንሖም ብምጥቃስ፡ ንዘበርክቱ ድሌትን ተወፋይነትን ኤርትራውያን ሓካይም ብኣድናቖት ገለጾም።

ኣብ’ቲ መጥባሕቲ ዝተሳተፉ ዶ/ር የሴፍ ተወልደን ዶ/ር በየነ ኣብርሃን ድማ፡ እቲ መጥባሕቲ ክሳብ ዝወስዶ ሰዓታት፡ መዓልታዊ ን’ክልተ ወይ ሰለስተ ህጻናት ከም ዝካየድ ብምጥቃስ፡ እቲ መደብ ኣብ መንጎ ኤርትራውያንን ኢ ጣ ል ያ ው ያ ን ን ክኢላታት ተመኩሮታት ንምልውዋጥ’ውን ሓጊዚ ከም ዝኾነ ኣብሪሆም።

ዋና ኣኪያዲ ስራሕ ሆስፒታል ኦሮታ ኣቶ ተወልደ የውሃንስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብዚ ነዊሕ ዓመታት ኣቚጺሩ ዘሎ ብምትሕብባር



ኢጣልያውያን ኤርትራውያን ክኢላታት ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ዝካየድ መጥባሕቲ ልቢ ህጻናት፡ ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና ዝመጹ ህጻናት ይድሕኑ ከም ዝለዉ ሓቢሩ።

## መበል 12 ፈስቲቫል ተመሃሮ ኮለጃት፡ ኣብ ማይ-ነፍሒ ተኸፊቱ

መበል 12 ፈስቲቫል ተመሃሮ ኮሌጃት፡ “ሞያና ንሕብረተ-ሰብና” ብዝብል ቴማ፡ ትማሊ 15 ግንቦት ኣብ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ ተኸፊቱ።

እዚ ክሳብ 18 ግንቦት ዝቕጽል ፈስቲቫል፡ ንበዝሒትን ስጥመትን ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ዘኩልዕ ባህላውን ስነ-ጥበባውን ውድድራትን ምርኢታትን፣ ፍልጠት-ጠቀስ ውድድራት፣ ሰሚናራትን ሓበራዊ ዘተን፣ ኣካዳሚያውን ፈጠራውን ዓቕሚ ተመሃሮ ዝፍትሽ ወጽኢት ምህዞን ሰነዳትን፣ ከምኡ’ውን ያታውን ዘመናውን ውድድራት ስፖርት የጠቓልል።

ኣብ’ቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ-መዚ መንግስትን ግንባርን፣ ከምኡ’ውን ኣባላት ማሕበረ-ሰብ ኮሌጃት ዝተረኽብሉ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊት ሃገራዊ ኮሚሽን ንላዕለዋይ ትምህርትን ወ/ሮ መንሱራ እስማዒል ኣብ ዘስመዓቶ መደረ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ - ማእከላዊ ዓቕምን ኣቕሬታዊ ኣተሓሳስባን መንእሰያት ንምምዕባል፣ ተመሃሮ ኣብ ንሓድሕዶም ተመኩሮ ክለዋወጡ መድረኽ ንምፍጣር፣ ከምኡ’ውን ሓድነት ዘደልድል መንፈስ ተወዳዳርነት ንምስራጽ ከም ዝኾነ ገሊጻ።

ወ/ሮ መንሱራ ወሲኻ፡ ኣብ’ዚ ፈስቲቫል ኣስታት 900 ተመሃሮን ኣባላትን ብቐጥታ ይሳተፉ ከም ዘለዉ ብምሕባር፡ ተመሃሮ ኮሌጃት ሓድነቶም ዘደልድልሉን ፈጠራዊ ክእለቶምን ብቕዓቶምን ዝፍትሹሉን ዘንጸባርቑሉን ባይታ ከም ምዃኑ መጠን፡ ንቕጽልነቱ ኩሉ ዝምልከቶ ሓላፍነት ወሲዱ ክዕዪ ተላቢዩ።



ዲን ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ ፕሮፌሰር ጉብራይ ኣስገዶም ብወገኑ፡ ምውዳብ ፈስቲቫልን ተመሳሳሊ ንጥፈታትን፡ ተመሃሮ ኣብ ኣካዳሚ ክይተሓጸሩ ስፖርታውን ስነ-ጥበባውን ዝንባለኦም ዘለልዩሉን ዘማዕብልሉን ኣገዳሲ መድረኽ ከም ዝኾነ ኣገንዚቡ።


ስእሊ. ክብሮም ጸሃየ

## ድሕነት ኣጋርን ብሽክለታን ነውሕስ!

(ዓለማዊ ቅነ ድሕነት ጽርግያ ትራፊክ 12-18 ግንቦት)

ብሓደጋ ተሽከርከርቲ ዝወርድ ዘሎ ስንክልናንሞትን ገና ወሳኒ ዓለማዊ ስክፍታ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻብ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ዓለም፡ ዓመታዊ ኣስታት 1.2 ሚልዮን ውልቀሰባት ብሓደጋ ሞተር ተሽከርከርቲ ህይወቶም ክስእኑ እንከለዉ፡ ተወሳኺ 50 ሚልዮን ድማ መጉዳእቲ ይበጽሖም። ብፍላይ ካብ 5-29 ዓመት ዕድመ ዝርከቡ ውልቀሰባት ቀንዲ ግዳያት ኮይኖም፡ ሓደ ካብ ኣርባዕተ ዘጋጥም ሞት ከኣ ኣጋርን ተጠቀምቲ ብሽክለታን ምዃኖም ይሕበር።

መበል ሻመናይ ዓለማዊ ቅነ ድሕነት ትራፊክ ዘጋጥም ዘሎ ናይ ስንክልናን ሞትን ሰቦት ንምጉዳል፡ ድሕነት ኣጋርን ብሽክለታን ዝምልከት ብዕቱብ ክስርሓሉ፡ ብደረጃ መንግስታት፡ ዓለማውያን ትካላት፡ ዝተፈላለያ መሻርኽቲ፡ ሰቪል ማሕበራትን ኣብያተ ትምህርትን፡ ዕቱብ ስጉምቲ ክወስዱ ከም ዘለወን፡ በዚ ኣጋጣሚ ቅነ ድሕነት ኣጋርን ብሽክለታን ተጠቀምቲ መልእኽቲ የመሓላልፍ።

እዚ ዝምልከት ኣብ ኤርትራ ዘሎ ህሉው ኩነታት ብተመሳሳሊ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ፡ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ፡ ተመሃሮን መንእሰያትን ብሰንኪ ምጥሓስ ሕጊ ትራፊክን ካልእ ሸለልትነትን ናይ ስንክልናን ሞትን ሳዕቤን የጋጥም ከም ዘሎ ጸብጻብ ሕግን ስርዓትን ፖሊስ ትራፊክ ይሕብሩ።

ኣብ ቀረባ እዋን ብዛዕባ ክሳራ ሓደጋ ትራፊክ ኣብ ኤርትራ (2022-2023) ዝተረኽበ መረዳእታ፡ ጽንኩርነት ናይቲ ጉዳይ ዘኩልዕ ኮይኑ፤ ጠቕላላ ሓደጋታት፡ 7,209፡ ቀሊል መጉዳእቲ 2,287፡ ከቢድ መጉዳእቲ 1,019፡ ዝሞቱ ሰባት 222፡ ኣብ ንብረት ዝወረደ ዕንወት 79,904,208.91 ናቕፋ ከም ዝበጽሐ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ይሕብር።

በዚ ኣጋጣሚ እዚ ኣብ ሃገርና ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዘጋጥም ዘሎ ክሳራ ህይወትን ንብረትን ንምጉዳል ፖሊስ ትራፊክ፡ ብዘለዎ መራኸቢ ብዙሃን፡ ንተምሃሮ፡ መራሕቲ መካይን ህዝብን፡ ብኣካል ተረኺቡ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ካብ ምሃብ ኣየብኮረን። እዚ ይኹን እምበር እቲ ስራሕን ሓላፍነትን ናይ ብዙሓት ትካላትን መንግስትን ኣብያተ ትምህርትን ዝሓትት ስለ ዝኾነ፡ ዝተሓባበረ መደባት ስራሕን ትግባረን ብምሕንጻጽ ብዕቱብ ክስርሓሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ብኣጋጣሚ ቅነ ድሕነት ትራፊክ ለበዋኡ የመሓላልፍ።

ሚኒስትሪ ጥዕና

## መስመርና ድርዕና!

# ትንታነ ዜና

ሸዊት ተኽለ

## ውዕል ሰላም ቱርኪን ሰልፊ ሰራሕተኛታት ኩርዲስታንን

ዕጡቕ ጉጅለ ሰልፊ ሰራሕተኛታት ኩርዲስታን (ፒ.ኬይ.ኬይ.)፡ ከም ኣካል ናይ’ቲ ምስ መንግስቲ ቱርኪ. በጺሕዎ ዘሎ ሓድሽ ስምምዕ ሰላም፡ ንልዕሲ. 40 ዓመታት ክካየድ ዝጸንሐ ተጻብኦታት ደው ክብሎ ምኳኑ ኣብ ዝሓለፈ. መዓልታት ኣፍሊጡ፡፡

እዚ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝቶዩዱ ዘለዉ. ናዕበታት ከበቕዑ ምኽንያት ክኾውን ከም ዝኽእል ዝተገልጸ ውሳኔ፡ ኣብ ቱርኪ፡ ሶርያን ዒራቕን ርኡይ ጽልዋ ክህልዎ ከም ዝኽእል እዩ ዝሕበር ዘሎ፡፡

ዋላ እኳ ፒ.ኬይ.ኬይ. ኣብ መጀመርታ ናጻ መንግስቲ ኩርዳውያን ንምምስራት ይንቀሳቐስ እንተ ነበረ፡ ኣብ 1990ታት ግና ኣብ ውሽጢ. ቱርኪ. ርእሰ ምምሕዳራዊ ዞባ ንምቛም እዩ ክሰርሕ ጸኒሑ፡፡

ካብ 1999 ጀሚሩ ኣብ ከባቢ. ከተማ ኢስታንቡል ኣብ እትርከብ ደሴት ተኣሲሩ ዝጸንሐ መራሒ. ፒ.ኬይ.ኬይ. ዓብደላ ኦጃላን፡ ኣብ ዝሓለፈ. ወርሒ. ሰዓቢት ጉጅለኡ ጉባኤ ክጽውዕን ብወግዒ. ዕጥቁ ከውርድን ተማሕጺኑ ነይሩ፡፡

እቲ ን26 ዓመታት ኣብ ማእሰርቲ ዝጸንሐ - ኣብ ምንቅስቓስ ኩርዳውያን ጽልዋ ዘለዎ ወዲ. 76 ዓመት ኦጃላን ዘቕረቦ ጻውዒት፡ ካብ 1980ታት ጀሚሩ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝቐጸለን ህይወት ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰባት ዝቐዘፈን ግጭት ንምብቃዕ ዝወሰዱ ዒቢ. ስጉምቲ ተባሂሉ እዩ ዝምንኦ ዘሎ፡፡

ፒ.ኬይ.ኬይ፡ ዝሓለፈ. 1 መጋቢት በይናዊ ምቁራጽ ተኹሲ. እኳ እንተ ኣወጀ፡ ንዘተ ሰላም ዝኸውን ሕጋዊ ቅርጺ. ንምፍጣር ግና ቅድመ ኩነት ኣቕሪቡ ምንባሩ ይዝከር፡፡

ኣብ መንጎ ቱርኪን ፒ.ኬይ.ኬይን ዝነበረ ግጭት ናብ ሰሜናዊ ክፋል ዒራቕን ሰሜናዊ ሶርያን ኣስፋሕፊሑ ምንባሩ ዝዝከር እዩ፡፡ በዚ. ድማ፡ ቱርኪ. ነቲ ኣብ ዝርዝር ግብረ ሽበራውያን ዘስፈረቶ ጉጅለ ንምጭፍላቕ፡ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ስርሒታት ክትፍጽም ምጽናሓ ይፍለጥ፡፡

ፕረዚደንት ቱርኪ. ረሲፕ ጣይብ ኤርዶጋን፡ ፒ.ኬይ.ኬይ. ግጭት ደው ከብልን ዕጥቁ ከውርድን ምኳኑ ኣመልኪቱ ንዘውጸኦ መግለጺ. ዘለዎ ደገፍ ብምግላጽ፡ እዚ. ናብ ዝሓየለ ጸጥታን ዞባዊ ሰላምን ከም ዘምርሕ ኣረዲኡ፡፡

ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ እውን ንኣዋጅ ፒ.ኬይ.ኬይ. ብሓጎስ ከም ዝተቐበሎ ዝገለጸ ኣፈኛ እቲ ውድብ ስቴፋን ዱጃሪክ፡ “እዚ. ውሳነዚ. ተግባራዊ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ንዊሕ እዋን ዝጸንሐ ግጭት ብሰላማዊ መንገዲ. ንኽፍታሕ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት እዩ” ኢሉ፡፡

‘ፊራት’ ዝተባህለ ኣገልግሎት ዜና ናይ’ቲ ፒ.ኬይ.ኬይ. ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ. ድማ፡ እቲ ጉጅለ ኣቐዲሙ ኣብ ዘቃንዩ ጉባኤ፡ ክካየድ ዝጸንሐ ዕጥቃዊ ቃልሲ. ንጉዳይ ኩርዳውያን ብደሞክራሲያዊ መንገዲ. ናብ ምፍታሕ ከም ዘብጽሖን፡ በዚ. ድማ ታሪኻዊ ተልእኾኡ ከም ዝዛዘመን ሓቢሩ ነይሩ፡፡

ከም ወጽኢቱ ድማ፡ ብስም ፒ.ኬይ. ኬይ. ዝካየድ ዝነበረ ጉጅለዊ ንጥፈታት ብወግዒ. ደው ከም ዝበለ፡ መግለጺ. ናይ’ቲ ጉጅለ ኣብሪሁ፡፡

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ቱርኪ. ሃካን ፊዳን፡ ነቲ ውሳኔ “ታሪኻዊ” ክብል እኳ እንተ ገለጾ፡ መንግስቲ ቱርኪ. ግና፡ እቲ ጉጅለ ዝወሰዶ ስጉምትታት ብቐረባ ክከታተሎ ምኳኑ ገሊጹ’ሎ፡፡

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ሶርያ ኣሳድ ኣል-ሻይባኒ ብወገኑ፡ እቲ ስምምዕ ሰላም፡ ኣብ ምርግጋእ እቲ ዞባውን ኣበርክቶ ከም ዝህልዎ ገሊጹ፡፡

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ. ዒራቕ ድማ፡ እቲ ስጉምቲ፡ ጻዕርታት ሰላም ንምሕያልን ንዊሕ እዋን ዝጸንሐ ግጭታት ንምውጋድን ዕድል ዝሃብ ምኳኑ ገሊጹ፡፡

እቲ መግለጺ. ወሲኹ፡ እቲ ምዕባለ ንጸጥታን ምርግጋእን ዒራቕን እቲ ዞባን ዘሐይል ምኳኑ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ኣብ ሰሜናዊ ዶባት ዒራቕ ዝጸንሐ ወጥሪ ክሃድእ ተስፋ ከም ዘለዎ ኣረዲኡ፡፡

ህላወ ፒ.ኬይ.ኬይ. ኣብ ዒራቕ፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ጠንቂ ወጥሪ እቲን ጎረባብቲ ሃገራት ዝኾና ዒራቕን ቱርኪን ኮይኑ ጸኒሑ እዩ፡፡

ምስ ፒ.ኬይ.ኬይ. ርክብ ዘለዎም ኣብ ሶርያ ዝርከቡ ኩርዳውያን ዕጡቓት፡ ምስ ሓይልታት ቱርኪ. ኣብ ወተሃደራዊ ረጽሚ ተሸሚሞም ምጽንሖም ይፍለጥ፡፡

ይኹን’ምበር፡ ፕረዚደንት ኤርዶጋን፡ “እዚ. ኣዋጅ’ዚ፡ ንኹሉ ኣብ ሰሜናዊ ዒራቕን ሶርያን ዝርከብ መሓውራት ናይ’ቲ ጉጅለ እውን ዝምልከት ክኸውን ኣለዎ” ኢሉ፡፡

ቅድሚ ሕጂ፡ ኣብ መንጎ ቱርኪን እቲ ጉጅለን ዝተኻየደ ጻዕርታት ሰላም ብዘይ ፍረ ከም እተበተነ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡

## ንምንታይ እዩ እቲ ናይ ሰላም ተበግሶ ሕጂ ዝውሰድ ዘሎ?

ሰልፊ ሰራሕተኛታት ኩርዲስታን (ፒ.ኬይ.ኬይ.)፡ ብቐንዱ ኩርዳውያን ኣብ ዝነብሩሉ ከባቢታት ደቡባዊ ምብራቕ ቱርኪ፡ ሰሜናዊ ዒራቕን ሰሜናዊ ምብራቕ ሶርያን ዝመደበሩ ዕጡቕ ፖለቲካዊ ውድብ ኩርዳውያን እዩ፡፡

እዚ. ብ27 ሕዳር 1978 ዝተመስረተን ንልዕሲ. 40 ዓመታት ኣንጻር መንግስቲ ቱርኪ. ክቃለስ ዝጸንሐን ዕጡቕ ጉጅለ፡ ዝሓለፈ. ሰኑይ ጻውዒት ሰላም ምቕረቡ ዝዝከር እዩ፡፡ እንተ ኾነ፡ “ፒ.ኬይ.ኬይ. ንምንታይ ኣብ’ዚ. ግዜ’ዚ. ተበግሶ ሰላም ክወስድ ደለየ?” ዝብል ሕቶ ኣለዓዒሉ ይርከብ፡፡

ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዝዓጠቐ መሳርዕ ምክልኻል ሰራዊት ቱርኪ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ንፒ.ኬይ.ኬይ. ናብቲ ምስ ዒራቕ ዘራኽብ ኣኽራን ዝጠዘሐ ዶባት ክደፍኦ ብምጅማሩ፡ ፒ.ኬይ. ኬይ. ኣብ ውሽጢ. ቱርኪ. ምንቅስቓሳቱ ተደሪቱ እዩ ጸኒሑ፡፡

እዚ. ዳሕራዋይ ተበግሶ ሰላም ድማ፡ ኣብ ዝሓለፈ. ወርሒ. ጥቅምቲ ብመሻርኽቲ ልፍንታዊ መንግስቲ ቱርኪ. ዝኾነ ደቭሌት ባህቸሊ. ዝተጀመረ ኮይኑ፡ ፒ.ኬይ.ኬይ. ዘካይዶ ተጻብኦታት ደው እንተ ደኣ ኣቢሉ፡ መራሒኡ ዓብደላ ኦጃላን ምሕረት ክወሃቦ ከም ዝኽእል ሓሳብ ኣቕሪቡ ምንባሩ ኣይርሳዕን፡፡

ይኹን’ምበር፡ ቀንዲ. ዕላማ ናይቲ ኣዋጅ ሰላም፡ ፕረዚደንት ኤርዶጋን ኣብ 2028 ኣብ ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ሃገሩ ንሳልሳይ እብረ ክምረጽ ዝኽእሎ ሓድሽ ቅዋም ኣብ ምንዳፍ ደገፍ ኩርዳውያን ንምእካብ ምኳኑ ገለ ተንተንቲ ይሕብሩ፡፡

እዚ. ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ደቭሌት ባህቸሊ፡ ምጽናሕ ኤርዶጋን ኣብ ስልጣን ንመጻኢ. ቱርኪ. ኣገዳሲ. ምኳኑ ብምግላጽ፡ እቲ ዘሎ ቅዋም ክመሓየሽ ጸዊዑ ኣሎ፡፡ ኤርዶጋንን ባህቸሊን፡ ኣብ ባይቶ ቱርኪ. ‘ህዝባዊ ማዕርነትን ዲሞክራሲን’ ካብ ዝተባህለ ንኩርዲስታን ዝድግፍ ሰልፊ ደገፍ ይሓቱ ከም ዘለዉ. እዩ ዝግለጽ፡፡

በዚ. ድማ፡ ኣዋጅ ሰላም ፒ.ኬይ.ኬይ. ንኤርዶጋን ዒቢ. ኣገዳስነት ክህልዎ ከም ዝኽእል ይግለጽ፡፡ መንግስቲ ኤርዶጋን፡ ድሕሪ’ቲ ከንቲባ ከተማ ኢስታንቡል ኤክረም ኢማሞግሉ ብብልሽውና ተኸሲሱ ምእሳሩ፡ ኣብ ከቢድ ፖለቲካዊ ወጥሪ ከም ዝርከብ ይፍለጥ፡፡

ይኹን’ምበር፡ ኣማኢያ ናይ’ቲ ፒ.ኬይ. ኬይ. ዕጥቁ ንኸውርድን ንኽበታተንን ወሲድዎ ዘሎ ውሳነ ክረኽቦ ዝኽእል ሕድገታትን መብጽዓታትን ዛጊት ኣይተገልጸን ኣሎ፡፡

እቲ መስርሕ ብኸመይ ከም ዝቕጽልን፡ መጻኢ. ዕጡቓት ፒ.ኬይ. ኬይ. ከመይ ከም ዝኸውንን መን ከም ዝከታተሎን እውን ንጹር ኣይኮነን ዘሎ፡፡

ብዘይካ’ዚ፡ እቲ ውሳነ ንኹሎም ኣብ ዒራቕን ሶርያን ዝርከቡ መሓውራት ፒ.ኬይ.ኬይ. ዝምልከት ክኸውን ከም ዘለዎ እዩ መንግስቲ ቱርኪ. ብትሪ ዝጽውዕ ዘሎ፡፡

ምኽንያቱ፡ ኣቐዲሙ መራሒ. ናይቲ ኣብ ሶርያ ዝመደበሩ - መሓውር ፒ.ኬይ. ኬይ. ዝኾነ ‘ዲሞክራሲያዊ ሓይልታት ሶርያ’፡ ዓብደላ ኦጃላን ዘቕረቦ ተኹሲ. ደው ናይ ምባል ጻውዒት ንዕኡን ንጉጅለኡን ከም ዘይምልከት ገሊጹ ነይሩ፡፡

እዚ. ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ.’ቲ ጉጅለ ዘይምስምማዕ ብምፍጣር፡ ነቲ ተበጊሱ ዘሎ ናይ ሰላም መንገዲ. ከይዕንቅፎ ገለ ወገናት ስግኣቶም ይገልጹ ኣለው፡፡

ስለዚ፡ ግዜን ኣገባብን ምውራድን ምርካብን ዕጥቂ ኣባላት ፒ.ኬይ.ኬይ. ክንጸር፡ እቶም ዕጡቓት ናብቲ ኣብ ሶርያ ዝርከብ መሓውራት ክይግዕዙ ክትትል ክግበረሎም፡ ኣብ ገበናዊ ንጥፈታት ክሃጥፉ ዝጸንሑ ኣባላት ናይ’ቲ ጉጅለ ካብ’ቶም ሕሉፍ ገበን ዘይብሎም ክልለዩ፡ ከምኡ’ውን ንመራሕቲ ናይ’ቲ ጉጅለ ዝምልከት ግቡእ ስጉምቲ ክወሰደን ብጥንቃቐ ክሕሰበሉን ከም ዘለዎ፡ ምስ’ቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ይጽውዑ ኣለው፡፡





# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)

## “‘ሞያና ንሕብረተ-ሰብና’ ናይ ሎሚ ዓመት መሪሕ ቴማ ፌስቲቫል ኮለጃትና እዩ” ወ/ሮ መንሱራ እስማዒል

ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲን ዓመታዊ ‘ኢንተር ኮሌጅ ፌስቲቫል’ ብምስራዕ ኣብ መንጎ ኮሌጃት ኣብ ከባቢ ወርሒ ግንቦት ውዕውዕ ፌስቲቫል የካይድ እዩ። ሎሚ ዓመት ድማ ንመበል 12 ግዜኡ ኣብ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ኣፍሓ ይካየድ ኣሎ። ብዛዕባ ዕላማ እዚ ፌስቲቫልን ሓፈሻዊ ንጥፈታቱን ኣመልኪትና ምስ ሓላፊት ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲን ወ/ሮ መንሱራ እስማዒል ዘካየድናዮ ቃለ-መሕተት ይስዕብ።

**ሕቶ - ፌስቲቫል ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ (ኮሌጃት) ይካየድ ኣሎ'ሞ፡ መዓስ እዩ ጀሚሩ?**

ፌስቲቫል ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ፈለማ ኣብ ኮሌጃት ክጅመር እንከሎ፡ ብብኮሌጁ እዩ ዝካየድ ነይሩ። ካብ 2006 ንደሓር ግን፡ ሓደ ሓደ ንጥፈታት ይካየድ ነይሩ። ብድሕሪኡ ከኣ ብመሰረት ስትራተጅያዊ ውጥን ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ብደረጃ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲን ከም ዕዮ ገዛ ተወሲዱ ምስ ኮሚሽን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን ከምኡ ከኣ ኮሌጃትን ብምውህሃድ ብደረጃ ዞባ ከምዚ ንጥፈታትዚ ክካየድ ጀሚሩ። ሎሚ ከኣ እዚ ፌስቲቫልዚ ንመበል 12 ግዜኡ እዩ ዝካየድ ዘሎ። ኣብ መንጎ ብሰንኪ ኮቪድ - 19 ተቛሪጹ ነይሩ። ንኽልተ ግዜ ዝኸውን'ውን ብብኮሌጁ ከም ዝካየድ ተገይሩ ነይሩ።





**ሕቶ - እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፌስቲቫልከ ብስሩዕ ንጥፈታቱ መዓስ ፈሊሙ?**

እዚ ፌስቲቫልዚ ኣቐዲሙ ካብ ዞባ ብዘኽዶ መምርሒ መሰረት፡ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሸዱሽተ ወርሒ ዝኸውን ኮሌጃት ወሽጣዊ ውድድራት ከካይዳ ጀሚረን። እቲ ዝበዝሐ ንጥፈት ከኣ ኣብ ወሽጢ'ቲ ኮሌጅ ተዛዚሙ ማለት እዩ። እተን ኮሌጃት ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ ዓይነት ውድድራት እየን ዘወዳደራ። ንኣብነት ስፖርታዊ ውድድራት እንተ ደኣ ወሲድና፡ ኣብ ክልቲኡ ጾታ ናይ ኩሉ ዓይነት ስፖርታዊ ንጥፈታት ብደረጃ ዲፓርትመንት ውድድራት ትገብር። ብኸምዚ ከኣ ኑታ ሕርይቲ ጋንታ ተቖውም። ድሕሪ'ቲ ናይ ምጽራይ መስርሕ ከኣ እታ ዝተሓርየት ጋንታ ኑታ ኮሌጅ ወኪላ ንኽትወዳደር ድልውቲ ትኸውን። ኣብ ውድድር ኤግዚብሽን እንተ ከይድና ከኣ ርእሱ ዝኸኣለ ካልእ ዓይነት ግቢ ውድድር እዩ። ኣብዚ ውድድርዚ ኣፍሲ-ወከፍ ኮሌጅ፡ በብቲ ትምህርቲ ትወስዶን ዓይነትን ዓውደ ትምህርትን ሓድሽ ሓሳባት፡ ፈጠራ፡ ሓድሽ መጸናንዕታዊ ጽሑፍ . . . ንሕብረተሰብና ከም ተላሊ ይግበር። ኣብ'ቲ ውድድር ከኣ ‘ምሳሊ ኮሌጅ’ ብዝብል መደብ ይተሓዘ። ንምሳሊ እቲ ማሕበር ከኣ ኣብ'ቲ ኮሌጅ ብማሕበር እንታይ ዓይነት ንጥፈታት ከም ዝካየድ ኣብኡ ተሓቒፉ ይግለጽ። ምህዞን ስነ-ጥበብን ቅብኣን ቅርጻንውን እቶም ተመሃሮ ብውልቂ ዝዓለውዎ ውድድር እዩ። እዚ ከኣ ከሉ ኣብ'ቲ ኣደራሻ ኤግዚብሽን ከም ዝረኣ ይግበር። እቲ ከም ሳልሳይ ዝጥቀስ ዓይነት ውድድር ድማ እዚ ትምህርታዊ ውድድራት እንብሎ እዩ። ኣብዚ ውድድርዚ ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ክትዕን መደረን ብቋንቋታት እንግሊዝን ዓረብን ኣሎ። ፖለቲካዊ ትንታነ ከኣ፡ ብዘመርጽዎ ቋንቋ ብእንግሊዝኛን ትግርኛን ዝቐርብ እዩ። ኣብ'ዚ ንዓለምናን ከባቢናን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ሃገርና ዝገልጽ ትሕዝቶ ፖለቲካዊ ትንታኔታት ዝቐርብ እዩ። ኣቐዲሞም ኣርእስታት ተዋሂቦም ሰፊሕ ዝበለ ትንተናታት ብምግባር ከም ዝዓለዉ ይኾኑ። ካልእ ኣብዚ ናይ ትምህርታዊ ውድድር መጸናንዕታዊ ጽሑፍ እንብሎ'ውን ኣሎ። እቲ ናይ መወዳእታ ግቢ ውድድር ድማ እቲ ባህላውን ስነ-ጥበባውን ውድድራት እንብሎ እዩ። እዚ ከኣ ሓያሳቲ ዝፈረያ ደርፍታት፡ ድራማ ምስሊ ጉድሊ ብኣፍሲ-ወከፍ ኮሌጃት ከም ዝዳሎ ይግበር።

**ሕቶ - ውድድር ምስሊ ጉድሊ ትሕዝቶኡ ብዛዕባ እንታይ ዝተሓቖፈ እዩ?**

እዚ ምስሊ ጉድሊ፡ ኮሌጃት ብመልክዕ ድራማ ዝዓለውዎ ስራሕ እዩ። እዚ ውድድርዚ፡ ኑቲ ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር ኣብ እዋን ሰውራ ዘካይዶም ዝነበረ ንጥፈታት ዝገልጽ እዩ። ንኣብነት፡ ክፍሊ ታዕሊም፡ ጀማሂር፡ መጎዓዝያ፡ ሕክምና... ብሓፈሻ እተን ሓሙሽተ ክፍልታት ሰውራ፡ እታ ኮሌጅ ብዕጫ ወሲዳ ኑታ ዝጽሓለታ ክፍሊ ህዝባዊ ግንባር ንዝነበረ ንጥፈታታ፡ ብድራማ መልክዕ ከም ተንጸባርቖ ይግበር። ካልእ ውድድር ዘመናውን ያታዊን ትልሂታት ከምኡ'ውን ቁንጅናን ካብቲ ተዓልዩ ዘሎ ውድድራት እዩ። ኣብዘን ክልተ ዓይነት ውድድራት እዚኣን እተን ኮሌጃት ኣቐዲመን ቅድሚ ዓመት ኣብ ወርሒ ሰኔ ብዕጫ እየን ናይተን ከንጸባርቃኦን ከወዳደራሉን ዝደልያ ብሄር ዝወሰዳ። እዚ ማለት ከኣ ናይ'ቲ ዝሓለፈ ፌስቲቫል ኣየዕሙ እንከሎ፡ ኮሌጃት ብዕጫ እታ ዝጽሓተየም ብሄር ይወስዳ። እዚ ከኣ እተን ኮሌጃት ግዜ ሰለ ዘድልየን ኣጸቢቆን መጸናንዕቲ ብምግባር ንመሳብብሮ እታ ብሄር ብዝልክዕ ደረጃ ንኽዳለዋሉ ተባሂሉ ዝተገብረ እዩ። ስለዚ ኣፍሲ-ወከፍ ኮሌጅ ነዚ ውድድራትዚ ንምክያድ፡ ኣቐዲማ ናይ ባዕላ ናይ'ታ ኮሌጅ ፌስቲቫል ማለት ‘ኮሌጅ ደይ’ ኢላ ብምኽያም፡ ናይ መዛዘሚ መደባት ኣብ ወሽጣ ፌስቲቫል ከም ተካይድ ይግበር። እዚ ከኣ ቅድሚ'ቲ ዝዓበየ ኩለን ኮሌጃት ዝዝበርኦ ናይ ሓባር ፌስቲቫል ዝካየድ እዩ። እዚ ዝግበረሉ መስርሕ ከኣ እታ ኮሌጅ እቶም ከዐውቲ ይኾኑ እዮም ዝበሉዮም ብምምራጽ ናይ ባዕላ መጻረዪ ፌስቲቫል ብምክያድ ንኢንተር ኮሌጅ ፌስቲቫል ትዳለ። ኣብ ከባቢኣ ዘለዉ ህዝቢ፡ ተመሃሮ... ድማ ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ኣብ'ታ ኮሌጅ ዝካየድ ፌስቲቫልን ስሚናራትን ከም ዝኾኑ ይግበር። ንኣብነት፡ እዚ ናይ ሎሚ ዓመት መበል 12 ፌስቲቫል ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ መዛዘሚ ናይ ኣፍሲ-ወከፍ ኮሌጃት ምስ እንርኢ፡ ኮሌጅ ሓመልማሎ 30 ሚያዝያ 2025 ከተካይድ እንከላ፡ 3 ግንቦት ኮሌጅ ዓዲ-ቐይሕ፡ 7 ግንቦት ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ኣፍሓ፡ 8 ግንቦት ኮሌጅ ምህንድስና፡ 9 ግንቦት ከኣ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ጥዕና መዛዘሚ ናይቲ ን4 ወርሒ ክካየዱኦ ዝጸንሓ ውድድራት'ዩ ነይሩ። ናይ ሓባር መዛዘሚ ውድድር ከኣ ካብ 15 ክሳብ 18 ግንቦት 2025 ኣብታ ኣኣንጋዲት ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ኣፍሓ ክካየድ እዩ።

**ሕቶ - እታ ፌስቲቫል ከተሰጋግር እትሕረ ኮሌጅ፡ ብኸመይ እያ ትሕረ? መማዚ ረቛሒታት ኣሎ ዶዩ?**

እቲ ፌስቲቫል ምስ ተወደአ፡ ነዚ ጸንበል እተሰጋግር ኮሌጅ ብዕጫ ወይ ድማ ብፍቶት ኣላ ከሰጋግር እየ እንተ ደኣ ኢሉ፡ እቲ ዕድል ይወሃባ። እቲ ፌስቲቫል ድማ፡ ኣብ ቅርዓታ ከም ዝካየድ ይግበር። ‘እዛ ኮሌጅ እዚኣ ትግበሮ’ ተባሂሉ ድማ ይውሰን። እታ ኮሌጅ ተዓልያ ጸሓ ድማ ትገብሮ። ዝለዋ ጸጋታት ትሕተ ቅርጺ ተጠቒማ ድማ፡ መጻወቲ ሜዳታት፡ ናይ ኩሉ ዓይነት ውድድራትን ስሚናራትን ከሰጋግር ዝኽእል ኣሰራርሓት ንመኽፈትን መዛዘምን ዝኸውን ቦታ፡ ንመደቀሲ ናይዞን ኮሌጃት . . ዝ. ኹሉ ተዓልያትሉ ትጸንሕ ማለት እዩ።

**ሕቶ - ናይ ሎሚ ዓመት መበል 12 ፌስቲቫል ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ፡ ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ሓሙስ 15 ግንቦት 2025 ኣብ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ኣፍሓ ብወግዒ ተኸፊቱ ኣሎ'ሞ፡ ኣብ ትሕቲ እንታይ ዝብል ቴማ እዩ ዝዓዓል ዘሎ ስለምንታይከ እዚ ቴማ እዚ ተሓርዩ?**

ናይ ሎሚ ዓመት ፌስቲቫል ኮሌጃት፡ “ሞያና ንሕብረተሰብና” ኣብ ትሕቲ ዝብል፡ መሪሕ ቴማዩ ዝጸንበል ዘሎ። እዚ ቴማዚ ዝተመርጸሉ ምኽንያት ከኣ ተመሃሮ ኮሌጃት ብሞያኦም ንሕብረተሰቦም ንምግልጋል ዝዓለመ እዩ። እዚ ማለት ድማ ኑቲ ዘምሃርዎ ሕብረተሰብ ዋጋኡ ንምኽፋልን፡ እቶም ተመሃሮ ድማ ኑቲ ናቶም ሕልሚን ማሕለን ብግብሪ ዘድምቕሉን ዝትርጉምሉን ኣጋጣሚ ስለ ዝኾነ እዩ። ስለ'ዚ ‘ሞያና ንሕብረተሰብና’ ክንብል እንከለና፡ እቶም ተመሃሮ ኮሌጃት እቲ ዝመሃርዎ ዘለዉ ሞያ ብዋጋ እቲ ካብ ህዝቦም መንግስቶም ዝረኸቡ ናጻ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንኽመልሱ ዘተባብዕ ማለትና እዩ። ዝያዳ ከኣ ብሓላፍነት ንምስራሕ ዝዓለመ ቴማ እዩ።

**ሕቶ - እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ናብ መጻኢ ዝተኮረ መደባት ቀጻልነቱ ብኸመይ ክውሓስ እዩ?**

እዚ ውድድርዚ ውሑስ እዩ። ሓደ ትካል ይገብሮ፡ እቲ ሓደ ትካል ከኣ ኣይገብሮን ማለት ኣይኮነን። ከም ልምዲ ተራዲሙ ክኸይድ ዝጸንሐ እዩ። ሓንቲ ኮሌጅ ንጥፈታት ትምህርቲ ጀምሩ ኣብ ተበሎ፡ እዚ ክንጠቕሶ ዝጸንሓና ውድድራት ክትትግበሮ ሓላፍነታ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ፡ እታ ኮሌጅ ትገብሮ። ዝበዝሐ እቲ መጻረዪ ውድድር እንብሎ ኣብ ወሽጢ ኮሌጃት ዝግበር ከኣ እተን ኮሌጃት ባዕለን እየን ዘካይዳኦ። ብዘይካ እቲ ብደረጃ ኣወሃሃዲት ኮሚቲ ንመደባት እቲ ፌስቲቫል ብኣሰሊ ዝወሃብ መምርሒ፡ ብሓደ ዓይነት መታን ክኸዳ ክጸንሓ፡ ብሓደ ዓይነት መዐቀኒ'ውን ክየምምያ ስለዘኽእና እዩ ብኣሰሊ መምርሒ ትሰድድ እምበር፡ እቲ ውድድራት ንተን ኮሌጃት ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ፌስቲቫል ይሃሉ ኣይሃሉ ቀጻሊ ክየግበር ዘለዎ ኣገዳሲ እዩ ኢልና ካብቲ ብቐጻሊ ኣብ ገምጋምትና እንዝራረበሉ ነጥቢ እዩ።

**ሕቶ - ዕላማ ናይ'ዚ ፌስቲቫል እንታይ እዩ?**

ዕላማ ናይ'ዚ ፌስቲቫል ብዋቢ ሰኣሊ ክንርእዮ ከሎና፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ኮሌጃትን ሓድሕድ ሌላን ናይ ውድድር መንፈስን ንምዕባይ፡ ሓድሕድን ፍቕርን ኣብ መንእሰያትና ንምንጋስ፡ መንእሰያት ወረስቲ ባህልን ታሪኽን ክብርታት ሕብረተሰቦም ንምግባሮም... ዝዓለመ እዩ። እቲ ቀንዲ ተልእኾ እተን ኮሌጃት ከም ባህሊ ርኢመንኦ ቀጻልነቱ ንምርግጋጽ እዩ። ሓንቲ ኮሌጅ ‘ፌስቲቫል ከኣንግድ እየ’ ኢላ ክትሓስብ እንከላ ‘እንታይ ሕጽረት እዩ ዘሎ፡ ንበዝሒ ዓቕሚ ሰብ ክጸውር እኽእል ዶየ’



ወ/ሮ መንሱራ እስማዒል

ኢሉ ኑቲ ዘለዋ ትሕተ ቅርጺን ካልእን ኣብ ምውዳድ እያ ትኣቱ። ዝታት ከሉ ኣብ ግምት እናእተዋ እየን ድማ ዝዝበራኦ። ስለ'ዚ፡ ወህደት ናይዘን ኮሌጃትን ማሕበርን ክሳብ ዘሎ እቲ ፌስቲቫል ቀጻልነቱ ውሑስ እዩ። እቲ ወህደት እናሓየለ እንተደኣ ከይዱ'ውን ብዘለዓለ መንገዲ ክቕጽል ይኽእል እዩ። እቲ ጾር እንተ ደኣ እናተፋኸሰ ከይዱ'ውን ዳርጋ ከም ናይ መዓልታዊ ንጥፈታት ናይ'ቲ ተመሃራይ ተሓሲቡ ክኸይድ ይኽእል እዩ።

**ሕቶ - ኣብዚ ንጥፈታት ናይዚ ፌስቲቫል ከም ብድሆ ዝረኣ እንታይ እዩ?**

ኣብ'ዚ እታ ቁሩብ ከም ስክፍታን ብድህን ክትመጽእ እትኽእል፡ እቲ ንጥፈታት ናይ'ዚ ፌስቲቫል፡ ምስቲ ኣካዳምያዊ ዓውደ ኣዋርሕ ስለ ዝጋጨወና፡ ብዘይደራረብ መንገዲ ምስርዑ ጥራሕ እዩ። ገለ ኮሌጃት ናይ ባዕሉ ቅርጺን ኣካይዳን ስለ ዘለዎ፡ ኣብ ክልተ ሰለስተ እብረ ዝምህሩ ኮሌጃት ኣለዉና። ኣብ ከምዚ፡ ብፍላይ እቲ ኣብ ወሽጠን ዝዝበራኦ መዛዘሚ ከምኡ'ውን ናይ ሓባር ኢንተር ኮሌጅ ፌስቲቫል፡ ንኹለን ብማዕረ ብዘጠዓዕም ግዜ ክትገብሮ ኣዝዩ ክቡድ ዝበለ እዩ። ኣብ'ቲ ፍኹስ ዝበለ ግዜ ክትገብሮ ስለትመርጾ እቲ ዕለት፡ ንኹለን ኣብ ሓደ ንኸተምጽኦን ዘሎ ህሞት ኣጨቓጫቒ እዩ።

**ሕቶ - ዝ. ንምፍዋስ እሞ ኣብ ቀጻሊ እንታይ ክግበር ይኽእል ትብሊ?**

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ንጽዕረሉ ዘሎና፡ እቲ ንጥፈታት ናይ'ቲ ፌስቲቫል፡ ከም ስሩዕ ተታሐዙ ኣብ'ቲ ኣካዳምያዊ ዓውደ ኣዋርሕ ናይተን ኮሌጃት ከም ዝኣቱ ንምግባር ይሕሰበሉ ኣሎ። ኣብ'ቲ ኣካዳምያዊ ንጥፈታት እንተደኣ ኣትዩ ንዘሸፍነት ኮሌጅ ኣብቲ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን ንጥፈታት ኣይጋጨዋን እዩ። ገጢ-ገጢ'ቲ ኣካዳምያዊ ዓውደ ኣዋርሕ ክስራዕ ይኽእል እዩ። ከምዚኣ እንተ ደኣ ኮይና ዝኸፋ ጸገም ኣይክንጋጥመናን እዩ። ንኽትትግበር ድማ ብቐጻሊ ንዘራረበላ ኣሎና።

**ሕቶ - መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ናይ'ዚ ፌስቲቫል ኣበይ እዩ ክካየድ? ንዕወታት ኮሌጃትን ውልቂን ዝወሃብ ሽልማት ዝምልከትከ እንታይ'ዩ ተሓሲቡ ዘሎ?**

መኽፈቲ፡ ሓሙስ 15 ግንቦት 2025 ኣብ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ኣፍሓ ጀሚሩ ኣሎ። መዛዘሚ ስነ-ስርዓት'ውን ብተመሳሳሊ ሰንበት 18 ግንቦት ብልዑል መደርግ ኣብዛ ኮሌጅ ክካየድ እዩ። ብድሕሪዚ፡ ኩሉ እቲ ኣብ ውድድር ዝቐጸረ ተመሃራይ ናይዘን ኮሌጃት፡ ስነ-ይ ንግሆ ናብ ቦታኡ ክኸይድ እዩ። ንዕወታት ዝወሃብ ሽልማት እንተደኣ ኮይኑ ከኣ ንናይ ኩሉ ዓይነት ውድድራት ‘ብዓይነት’ ክወሃብ'ዩ ከም መደብ ተታሒዙ ዘሎ።





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ-ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራት ሞለስ

| | AZEL PHARMACEUTICAL SH. CO. | |
|---|---|---|

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ ጨረታ
## ምልክታ ጨረታ
## ጸረ ባልዕ

ኣብ ከረን መጋርሕ ዝርከብ ፋብሪካና ብዙርያ እቲ ህንጻ 10/5 - 2025 ክሳብ 10/4 - 2026 ጸረ ባልዕ (Pesticide) መድሃኒት ከቕርቡን ኣብቲ ዝተጠቐሰ ቦታ ድማ ወርሓዊ (Periodic) ምንጻግ ክገብሩን ዝኽእሉ ተጫረትቲ ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለ ዝደለየ፡ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ትካላት ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዝግብኦም ቅጥዕታት

1. ተጫረትቲ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ኮይኖም ናይ 2024 ፍቓድ ንግዲ ዘሐደሱን ግብሪ መንግስቲ ናይ 2023 ከም ዝኸፈሉን ብሰነድ ከረጋግጹ ኣለዎም።
2. ተጫረትቲ ዘቕርብዎም ሰነዳት ብመበቆላዊ (original)ን ቅዳሓትን ኮይኖም፡ ኩሎም ሰነዳት ምስ ቀረቡ መበቆላዊ ሰነዳት ተመላሲ ይኾኑ። ቅዳሕ ድማ ኣብ ትካልና ይተርፍ።
3. ተጫራቲ ወኪል ምስ ዝኸውን ናይ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ውክልናን ቅዳሕ ሃገራዊ መንነትን የቕርብ።
4. ተጫራቲ ኩሉ ብቕዓቱ ብሰነዳት የረጋግጽ። ንኣብነት (ኣብ ግዜ ናይ ምቕራብ ብቕዓት፡ ፋይናንስዊ ብቕዓት፡ ሕሉፍ ትመኩሮ ኣገደስቲ መምዘኒታት ስለዝኾኑ ብሰነዳት ኣሰንዩ ምቕራቦም ኣገዳሲ ይኸውን።
5. ተጫረትቲ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ( ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል፡ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሮም ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ጽሕፈት ኣስመራ ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ከወስዱ ይኽእሉ።
6. ተጫረትቲ ኣብ ጨረታ ንምስታፍ 1,000.00 ናቕፋ (ሓደ ሽሕ ናቕፋ) ትሕጃ ጨረታ (Bid security) ብጥረ ገንዘብ ወይ’ውን  check የትሕዙ። ኣብ ጨረታ ምስ ዘይዕወቱ ተመላሲ ይኸውን።
7. ተጫራታይ ኣብዚ ጨረታ’ዚ ዕዉት ምስ ዝኸውን 10,000.00 ናቕፋ (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) መተግበሪ ጨረታ (performance guaranty )  ብCPO ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ሕሳብ ትከል መፍረ መድሃኒት ትሕጃ የትሕዝ።
8. ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ተጫረትቲ ናይ ጨረታ ሰነዳቶም (offers) ብመሰረት ተዳልዩ  ዘሎ ናይ ጨረታ ሰነድ መሊኦም ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ጨረታኦም ብማሕተም ኣሰንዮም ብዝተዓሸገ ፖስታ የቕርቡ።
9. ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ብድሕሪ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት፡ ልክዕ ሰዓት 9፡00 ቅድሚ ቀትሪ ይኽፈት። ዝኾነ ለውጢ ናይ ግዜ ምስዝግበር ድማ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ኣዘል ንተጫረትቲ ብጽሑፍ/ወይ’ውን ብተሌፎን ይሕበር።
10. ዝኾነ ተጫራቲ ተወሳኺ መብርህን ሓበሬታን ምስ ዝደሊ ጨረታ ቅድሚ ምኽፋቱ ዘሎ ግዜ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣዘል ትካል መፍረ  መድሃኒት ኣስመራ ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘሎ ኣድራሻ ተጠቂምካ ምውካስ ይከኣል።
11. ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ጨረታ ብኽፊል ወይ’ውን ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣድራሻና፡
ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ኣስመራ

P.O.Box 89

Tel. + 291 1 401994/400234

ኣስመራ ቤት ጽሕፈት ኣዘል

P.O.Box 6799

Tel + 291 1 120028 -120029

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ደርጋኣለም እስቲፋኖስ ኣባዩ፡ ተጸዋዒት 4.1 ሶሊያና ተስፋኣለም እስቲፋኖስ፡ ናይ ወሃብቶ ምጽዳቕ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሉታይ እስቲፋኖስ ኣባዩ፡ ተጸዋዕቲ 1. ሶሊያና ተስፋለም እስቲፋኖስ፡ ናይ ወሃብቶ ምጽዳቕ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሰስቲ 1.ኣማኑኤል ኣርኣያ 2. ሰምሃር ተስፋዝጊ፣ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ሄር ተማስገን ነጋሽ 1. ሮዳን ተማስገን 2. ሚልክያስ ተማስገን 3. ሚሪ ተማስገን፣ ናይ ገዝኣ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ጸገሬዳ ሃይሉ፡ ልዋም ሃይለ ምባል ተረፉ፡ ኣታይ ጸገሬዳ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ  1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሰስዞር ማርታ የውሃንስ ኣርኣያ፡ ኣደይ ሳራ በርሀ በራኺ ስለዝዋረረት፡ ነቦይ የውሃንስ ኣርኣያ ናይ መጸምዲ ማሰሉ ይተሓለወለ፡ ኣነ በይነይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ፍዮሪ ወልደማርያም ዞማርያም፡ ብዓል ቤተይ መኰንን ተስፋማርያም ብርሃ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና ነፍቕራ ክብርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ምላሹ ተስፋገርግሽ ሃብሉ ዝተሰመዓና መረር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝተመላለስኩምን ዝበጻሕኩምን፡ ምስ ዓረፈት ክሳብ ዓዲ ሃብሩ ን/ዞ ጋላ ነፍሒ ዘቃበርኩምናን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተ ሰብ፡ ቤትክህነትን ፈተውትን የቐንየልና ክብረት ይሃብልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና እናቕረብና ሓዘንና ንዛዘም።

ስድራቤት ነ/ሄር ገርግሽ ዓንደ ዘወልዲ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



## ምስጋና

ብመስዋእቲ ፍቕርትን ክብርትን ብዓልቲቤተይ ንግስቲ ዕቑባዮርጊስ በርሀ (ጓል ጆርጆ) ዝተሰመዓና መረር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ካብ ጎድና ዘይተፈለኹም፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ብጽሑፍን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ።

ብዓልቤታ ሰሎሞን ፍቓዱ ምስ ወድና ሕድሪ ሰሎሞንን
ኣሕዋታን ምሉኣት ስድራቤት



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና ነፍቕሮ ወድናን ሓውናን ማርዩ ነገሪ ዝተሰመዓና መረር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ዕረፍቱ ዘቃበርኩምናን ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን እናኣመስገንና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና፡ ሓዘንና እናዛዘምና ምስጋናና ነቕርብ።

ስድራቤት ነ/ሄራት ወባ ሽፋረ
ምስ ሓፍቱ ሪታ ብርሃ
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ካፒቴን ተወልደብርሃን ኣብርሃ ዝተሰመዓና መረር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ኣወሃህሳ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና እናተመላለስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንዛዘም።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሓዳስ ጺጋይ
ደቆምን ምሉኣት ስድራ-ቤትን

ብሽም መሓሪ ወልደኣብዝጊ ሕድረሚካኤል ዝተማዝበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00001683 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና ተጋደልቲ ቁ.ገዛ 20 ዝርከብ ናይ መዕረይን መሸጥን ብሽክለታ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሙብርሂት ተስፋገርግስ በየነ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጸጸራት ጎደና 184-1 ቁ.ገዛ ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

መሓሪ ወልደኣብዝጊ ሕድረሚካኤል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ-ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ወልደሚካኤል ስለሙን ተስፋዝጊ ምባል ተሪፉ፥ ሚካኤለ ስለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዛይድ ተወልደ ጉብረዝጊ፥ ኣደይ ፍ/ትብርህ ኣብርሃም ደስታ፡ ዕለት 30/4/2019 ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ 01 ማይ ተመናይ ፕሎት፡33 ፓርሰል ፐ ዝርከብ ስፍሓቱ 165 ት/ሜ ኣብ ዝኾነ ቦታ 5+ ቀንዲ ክፍልታት፥ 1 ክሽነ 1 ዓይኒ ምድርን ተሰሪሑዎ ዝርከቡ፥ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ብጠቕላላ ቁ. መዝ 88467 ናይ ዕለት 21/12/1999 ተመዝጊቡ ዋንኡ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፥ ኣብ ባንኪ ጨንፈር ሰሜኢታት ብናይ ገዛዚብ መጠራቐሚ ሕሳብ ቁጽሪ 5444-7 ብስም ወላዲተይ ፍ/ተብርህ ኣብርሃም ደስታ ተቐሚጡ ዝርከብ ገዛዚብ፥ ብህያብ ስለዝሃበትኒ፥ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ቁ/41 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲ፥ ወረ/ፍ/ሃር ሓሰን ካሕሳይ እድሪስ 1. ሙብራት ሓሰን +4፣ ተኸሳሲ ዑስማን መሓመድ ጃብር፥ ናይ ገዛዚብ ክርክር ስለ ዘሎ፥ ንጹር ኣድራሻ ስለ ዘይብሉ፥ ብመንገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዑ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ቅረብ፥ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጥ።

ኣቶ ግርማይ ቀሺ ገብረኪዳን ማሓሪ ወለደይ ቀሺ ገብረኪዳን ማሓሪን ጸሃይቱ በርህ ማሓሪን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 4 ህልዋት 1 መዋቲት 2 ተተካእቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ኣለም እምባዬ ኣብ ልዕለኺ ናይ ፈጸሚ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኢያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ከሳሲ ኣቶ ገብረእግዚኣብሄር ገብረጊዮርጊስ ገ/መስቀል ወኪል ወ/ሮ ንግስቲ ሓየሎም ወ/ሚካኤል፥ ተኸሳሲት ወ/ሮ መርሃዊት ሞገስ ወልደገብርኤል፥ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ካሕሳይ መሓመድ ካሕሳይ፥ ናይ ሙብራት ሰዒድ ደሃብ ሰዒድ፥ ዓብዱ ሰዒድ ከም ኡ'ውን በሽር ሰዒድ ን10 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብሎም፡ ናይ ጥፉእነት መረጋገጺ ክወሃበኒ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ

ተኽሉብርሃን ጋዕሳይ በርህ ምባል ተሪፉ፥ ተኽሉብርሃን ጋዕሳይ በርህ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቀይሕ

መሕሙድ መሓመድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፥ መሕሙድ መሓመድ ዓሊ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተወልደ ቀሺ ኣኸዘ ሓድግ፡ ኣቦሓጎይ ሓድግ ጉብረ ተኽለይ ስለ ዝዓረፈ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ሓደ ኣቦና ጥራይ ደቁ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ተተካእቲ ደቂ ኣሕዋተይ ወረስቲ ኣቦና ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ይሕደጋ ተኽለገርግስ ስቡሓቱ፥ ወኪል ኣቶ ዘርኣይ ደበሳይ፥ ተኸሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ተስፋሚካኤል፥ ናይ ገዛ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

የውሃንስ ገብረሚካኤል ሃብቱ ምባል ተሪፉ፥ ኮኮብ ገብረሚካኤል ሃብቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ብርሃ ተስፋሚካኤል ገብሩ፥ ተኸሳሲ ዑቕባይ ገብረኣምላኽ ገብሩ፥ ብዕልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፥ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጥ።

### ምልክታ ጨረታ

ምልክታ ጨረታ ኣሕምልትን ፍረታትን

ኩባንያ ዕደና ቢሻ ኣብ ዕደናዊ ስርሓት ዝጥፍ ትካል ኮይኑ፥ ንሰራሕተኛታቱ ዝቐርብ ጽፉፍ፥ ጥዑይን ዝተረጋገጸን ቀዳማይ ደረጃን ዝኾነ ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን ክቐርቡ ንዝኽእሉ ግዱሳት ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።


ናይ ኮንትራት ግዜ ንሓደ ዓመት ኮይኑ፥ ቀረብ ሕተተሉ ኣብ ሰሙን ክልተ መዓልታት ወይ'ውን ከም ኣድላይነቱ ክወሰኽን ክጎድልን ይኽእል። ትካልና ብብዓይነቱ መቓቒሉ ኮሚርት'ውን ይኽእል እዩ።

ተጫረትቲ ንዝሕተት ቀረብ ብብቕዓቱን ብዘሎን ዝተኣማምንን ብዚይ ጎደሎን ቀዳማይ ደረጃ ክቐርቡ ምዃኖም ፈለጦም ክቐርቡ ይደሉ። ብዘውሳኺ፥ እዚ ዝስዕብ ከማልኡ የድሊ፦

- ተጫረትቲ ዘቕርብዎ ዋጋታት ቅቡልን ኑቲ ንብረት ዝገልጽን ኮይኑ፥ ንመዐወቲ ጨረታ ክሕግዝ ተባሂሉ ክኸውን የብሉን።
- ኣብ ግዜ ምጽዓኑ ኣተዓሻሽጋን (PACKING) ኣቀማምጣን ፍርያት ልዑል ቆላሕታ ዝሀቡን ብጥንቃቐ ምሉእ ሓለፍነት ዝወስዱን ክኾኑ ይግባእ። ልዕሊ ኹሉ ጥዕና ናይቲ ቀረብ ውሑስን ዝተኣማምንን ክኸውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።
- ተጫረትቲ ሕጋውን ዝተሓደሰን ቅዳሕ ናይ ንግዲ ፍቓዶም ኣተሓሒዞም ክቐርቡ ይግደዱ።
- ተጫረትቲ ናይ ግብርን ካልእ ሕጋዊ ግዴታቶምን ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም።
- ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ክጸንሕ እዩ። ጨረታ፡ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወክልቶም ኣብ ዝተረኸብሉ፥ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኩባንያ ዕደና ቢሻ ይኽፈት።
- ተዓዋቲ ምዕዋቱ ምስተረጋገጸ 300,000 (ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ) ውሑስን (CPO) ኣብ ውሽጢ 3 መዓልታት ከትሕዝ ይግደድ።
- ናይ መጫረቲ ወረቐትን ካልእ ምስኡ ዝተኣሳሰር ዝርዝር ሓበሬታን ካብ ቤት ጽሕፈት ኩባንያ ዕደና ቢሻ ኣስመራ፥ ጎደና ማርያም ግምቢ ቁ.61 ፊት ሰላም ሆቴል እናመጻእኩም ክትወስዱ ወይ ብ124941 ብምድዋል ካብ ክፍሊ ዕድጊ ክትወክሱ ትኽእሉ።
- ተጫረትቲ፥ ዘድሊ ዋጋታት መለእኩም ኣብ ሰታሪት ብምዕሻግ፥ ኣብ እዋን ሰዓታት ስራሕ ኣብ ቤት ጽሕፈት ቢሻ ዝርከብ ሳንዱቕ ናይ ጨረታ ክተእትውዎ ትኽእሉ። ኣብ ልዕሊ ሰታሪት "ናይ ኣሕምልትን ፍረታትን ጨረታ" ኢልኩም ምምልካት ኣይትረስዑ።
- ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ በዚ ጨረታ ከይተገደደ፥ ብኸፊል ይኹን ብምሉእ ከሰርዞ ማሰሉ ሕልው ምዃኑን ኣቕዲምና ክንሕብር ንፈቱ።

ቤት ጽ/ሰንቅን ሎጂስቲክስን
ት/ዕ/ቢሻ ኣስመራ

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ሓውና ሃብቱ ገብረስላሴ ባርኡ፥ ኣብ ኩዶፈላሲ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፥ ካብ ወጻኢ ሃገር ብተሌፎን ደዊልኩም ዘጸናናዕኩምና፣ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዘየጸና ንሕብር።

ምሉኣት ስድራቤት

### ምስጋና



ኣዚና እንፈትዎን ነፍቅሮን ብሉጽ መንእሰይ ወድና ቴድሮስ ተስፋጼን ተኽልኣብ፥ ኣብ ሃገረ ኣንጎላ ብድንገት ሂወቱ ዝዓረፈ፣ ሬሳ ኣብ ምምጻእን ኣብ ዓዲ ደቂ ዘርኡ ዘቃበርኩምና፥ ኣብ ሓዘንና ተኻፊልኩም ዝኾንኩም፥ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ትርከቡ ብኣካልን ብተሌፎንን ዘተሓዘንኩምና፥ ክብረት ይሃብልና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ስድራቤት ሌ/ኮ ተስፋጼን ተኽልኣብ (ቀሺ ወልዳይ)

### ምልክታ ጨረታ

ጨንፈር ምሕደራ ፕሮጀክት (ጨምፕ) - ሚ/ሪ ትምህርቲ ኣብ ቤ/ጽሕፈቱ ዝጥቀመሎም ዝተፈላለዩ ንብረት ከጸግን ስለ ዝደለየ፥ ተጫረትቲ ይዕድም። ጽገና ዝድልዮም ንብረት እዞም ዝስዕቡ ኮይኖም፡ ከከም ኣድላይነቱ ድማ ስሩዕ ኣገልግሎት (regular Service) ዝጠልብ ይኾኑ።

1. Fax & Telephone
2. Plotter, Photocopier, Color printer
3. Office Electrical Maintenance
4. Toilet & Wash basin Maintenance

ተጫረትቲ እዚ ዝስዕብ ቅጥዒታት ከማልኡ ይግባእ

1. ጨ/ም/ፕ ንሕጋውያን ተጫረትቲ ዋጋታት ብዕሹግ ክቐርቡ ይዕድም።
2. ዝተሓደሰ ናይ ንግዲ ፍቓድ ናይ 2024 ብዘውሳኺ ናይ 2023 ክሊራንስ ይቐርብ።
3. ጨረታ ንኹሉ ሕጋዊ ተጫራታይ ክፉት እዩ።
4. ተጫረትቲ ንግዳዊ ፍቓዶም ብዘፍቅዶ ኣብ ሓደ ወይ'ውን ካብኡ ንላዕሊ ክጫረቱ/ታ ይኽእሉ/ላ።
5. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ/ያ ካብ ቤት ጽሕፈት ጨ/ም/ፕ ክፍሊ ዕድጊ ብኣካል ወይ ብቴሌፎን 151614 ክወስዱ/ዳ ይኽእሉ/ላ።
6. ብቑዓት ተጫረትቲ፥ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ-ገንዘብ ናቕፋ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ካብ ክፍሊ ዕድጊ ክወስዱ/ዳ ይኽእሉ/ላ።
7. እዚ ጨረታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን 10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ።
8. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ መበል 10ይ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ጨረታ ኣብ ቅድሚ ተጫረትቲ ወይ'ውን ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ደምበ ሰምበል ግረን በይልዲንግ 1ይ ደርቢ ቤ/ጽ ጨ/ም/ፕ ይኽፈት።
9. ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ።
10. መኽበሪ ጨረታ ናቕፋ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) ብ CPO ምስቲ ጨረታ ተሰንዩ ክቐርብ ይግባእ።
11. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድጊን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
12. ጨ/ም/ፕ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
13. ንተወሳኺ ሙብርሂ፥ ኣቶ ኣረፋይነ ተኽለ ተሌ 07314297 / ኣቶ ቢንያም ክፍለእየሱስ ተሌ. 07194959 ወይ ብናይ ቤ/ጽሕፈት ተሌ 151614 ምርካብ ይከኣል።

ጨንፈር ምሕደራ ፕሮጀክት
ሚ/ሪ ትምህርቲ
ደምበ ሰምበል (ግረን በይልዲንግ) 1ይ-ደርቢ

# መስመርና ድርዕና!

## ዝኽሪ ግንቦት

# ዛዛሚ ግጥማት ሓርነታዊ ኩናት (1990 -1991)

(4ይ ክፋል)

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፡ ሰራዊት ደርግ፡ ካብ 3-12 መጋቢት 1990 ኣብ ዝበረ መዓልታት ኣብ ግንባር ግንዳዕ ዝፈነዎ፡ "ዘመቻ ምጽዋ" ዝሰየሞ ብርቱዕ መጥቃዕቲ፡ ብልዑል ጅግንነታዊ መኸተ ተጋደልቲ ሽቶኡ ከይወቕዐን ኣብቲ ግንባር ብዙሕ ለውጢ ከየምጽእን ምፍሻሉ፡ ገሊጽና ነይርና። ብስርሒት ፈንቅል ጎሮሮኡ ዝተሓንቀ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ በዚ ፍሽለት'ዚ ግን ኣይተዓገሰን። ብኡ ንብኡ ተወዳዳቢ ካልኣይ ወፍሪ ኣሰዓበ።

### "ዘመቻ ደም-መላሽ"

ሰርዓት ደርግ ኣብ ቀዳማይ መጠነ መጥቃዕቲ (ዘመቻ ምጽዋ)፡ ዘወጠኖ ሸቶታት ክሕዝ'ኳ እንተዘይከኣለ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ናብ ጸጋማይን የማናይን ግንባር ስለዝተመጠ፡ እቲ ማእከላይ ግንባር (ቀንዲ መስመር ኣስመራ ምጽዋዕ) ረቒቑ ይኸውን ዝብል ግምት ወሰደ። በዚ ድማ ብማእከል በሲዕካ ደንጎሎ ንምቁጽጻር ተኽእሎ ዘሎ ኮይኑ ተራእዮ። ድሕሪ'ቲ ቀዳማይ መጥቃዕቲ ሰሙን ኣብ ዘይመልእ ግዜ ድማ ሓይሉ ኣጠናኺሩ ንተራራ ክፍለ-ጦር 18ን ሰንጦቕ መካናይዝድ ብርጌድ 16ን ኣሰሊፉ ብ17 መጋቢት ወጋሕታ ሰዓት 4፡00 ብጽዑቕ ደብዳብ ከቢድ ብረት ተሰንዩ፡ ክፍለ-ሰራዊት 85 ዓሪዱሉ ብዝነበረ ድፋዓት ክፍንጥስ ተበገሰ። ናይ ክፍለ-ሰራዊት 85 ኣሃዱታት፣ ብርጌድ 22 ኣብ ማእከል ጽርግያ፡ 18 ኣብ ጎኒ ጋሕያት፡ 82 ኣብ ሩባ ማይ ኣትከሞምን ካብኡ ንጸጋም ዘሎ ቦታታትን ዓሪደን ነበራ። ካብ ጽርግያ ንጸጋም ንሸነኽ ሓመልማሎ ከኣ ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 61 ኣሲረን ነበራ።

ውጥን ዘመቻ ደም-መላሽ፡ ናይ ደርግ መበል 18 ክፍለ-ጦር (ክፍለሰራዊት) ብምሉእ ዓቕሙ ንጎቦ ጋሕያትን ካብኡ ንሰሜናዊ ምብራቕ ዘሎ ድፋዓትን ሰይሩ ብምዝርጋሕ ንደንጎሎ ክጽጋዕ፣ መካናይዝድ ብርጌድ 16 ብማእከል ጽርግያ ሰንጢቑ፡ ኑቶም ምስኡ ዝተሰለፉ ኣጋር ሰራዊት ብከቢድ ብረት እናደገፈ ክሳብ ደንጎሎ ታሕታይ ዘሎ ኣገደስቲ ቦታታት ክቆጻጸር ዝዓለመ ነበረ። ህዝባዊ ሰራዊት ብዘገበሮ ሓያል መኸተ ግን እዚ ንክልተ መዓልቲ ዝተኻየደ ህንዱድ ወፍሪ ተልእኾኡ ከይፈጸመ ፈሸለ። ኣብዚ ግጥም'ዚ፡ ጸላኢ ጻዕቂ ደብዳብ ከቢድ ብረት፣ ታንክታትን ብዙሕ ሰራዊትን ተጠቒሙ፡ ኣብ ሓደ ሓደ ዕርድታት ንተጋደልቲ የልቀቕምን ቦታታት ይቆጻጸርን ነይሩ እዩ። እንተኾነ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ነቲ ውጥን ተረዲኡ፡ ስልቲ ብምቕያር፡ ነቲ ዘደፍእ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢን ታንክታትን ንወሽጢ ብምስሓብ ከርዲኑ ከትርፎ ይፍትን ብምንባሩ፡ ጸላኢ እውን ዝተገዝበ ስግኣት ስለ ዝሓደሮ፡ ነቲ ወፍሪ ኣቋሪጹ፡ ነቲ ተቖጻጺርዎ ዝነበረ ገለ ገለ ዕርድታት ብምልቃቕ፡ ሰራዊቱ ንድሕሪት ሰሒቡ ናብ ምክልኻል ክምለስ ተቐሲበ።

### ደብዳብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ

ኣብ ግንባር ግንዳዕ ደማዊ ምርብራብ ኣብ ዝቐጸለሉ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ሰንቂን ኣጽዋርን ተደሪቢ ሓይሊን ዝረኽበሉ እንኮ መስመር መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ'ዩ ዝነበረ። በዚ ድማ ህዝባዊ ግንባር፡ ንመዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ዒላማ ክገብሮ ግድን ነበረ። ሓጺር መጽናዕቲ ድሕሪ ምኽያድ ከኣ፡ ካብቲ ድሮ ኣጽኒዑ ዝተቖጻጸሮ ግንባር ግንዳዕ፡ ብመድፍዕ 130 ሚሊ. ሜትር፡ ንመዓረፎ ነፈርቲ ኣስመራ ከረኻኽበሉ ከምዝኽእል ኣረጋገጸ። ብ17 መጋቢት 1990 ከኣ፡ ኣብ ማይሸሮ መዳፍዕ ብምጽዋድ፡ ካብ ሰዓት 4፡20 ክሳብ 6፡25 ድሕሪ ቀትሪ ንፈለማ ግዜ ናብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ 80 ቦምባታት ከቢድ ብረት ኣዝነበ።

ኣብዚ ናይ መጀመርያ ፈተነ'ዚ፡ ካብ ማይሸሮ ዝተወርወረ ቦምባታት፡ ኣብ ሸውዓተ ከባቢታት ኣስመራ ማለት፣ ድሕሪ ወተሃደራዊ ሆስፒታል ገጀረት፡ ፎሮቭያ፡ መዓስከር ወተሃደራት ሰምበል፡ ጸጸራት፡ ገዛ-ከኒሻ፡ ከባቢ ባሕቲ መስከረምን መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራን ወደቐ። ካብዚ ናይ ቀዳማይ መዓልቲ ተሞኩሮ ተወሲዱ ከኣ፡ ድሕሪኡ ኣብ ዝሰዓበ መዓልታት፡ ናብቲ ቀንዲ ሸቶ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ቀንዐ።

እዚ ፍጻመ'ዚ ንጸላኢ ከቢድ ራዕዲ ፈጠረሉ። ኣብ ኣስመራ ቦምባታት ክወድቕ ምስ ጀመረ፡ ኣብ ውሽጢ ከተማ ዝነበረ ሰራዊት ብርቡሽ መንፈስ ናብ መዓስከራቱ ክገዱ ተራእዩ። ኣባላት ሰራዊትን ደህንነትን ደርግ ከኣ፡ ቦምባታት ኣብ ዝወደቐሉ ከባቢ፡ 'ኣስተኳሽ' (ሓበርቲ ተኹሲ ናይ ሻዕብያ) ኣለዉ እናበሉ፡ ዝጠርጠሩዎም ሲቪል ሰባት ኣብ ምእሳር ኣተዉ። ነዋሕቲ ርሻናትን ኣብያተ ክርስትያንን፡ ሓበርቲ ተሓቢኦምሉ ክህልዉ ይኽእሉ'ዮም ብዝብል ጥርጣሬ፡ ብፍሉይ ተኸበበን ተፈተሸን። እዚ ናይ መጀመርታ መዓልቲ ደብዳብ፡ ንህዝቢ ኣስመራ ብመጠኑ ዘሰንበደ እኳ እንተነበረ፡ ኣብ ዝቐጸለ መዓልታት ግን ህዝቢ ለሚድዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ብስራት ምቕራብ ዕለተ-ናጽነት ስለዝረኣዮ ብኣንጻሩ ድሃዩ ክሰምዕ ክህንጠ ጀመረ።

ኣዘዝቲ ሰራዊት ደርግ፡ ናብታ ዘይቀብጹዋ ምጽዋዕ ንምምላስ ናይ ሞትን ሕየትን ውግእ እናካየዱ ኣብ ርእሲ ዘይምዕዋቶም፡ ደብዳብ መዳፍዕ ተወሳኺ ሕማም ርእሲ ኮኖም። ናብ ኣስመራ ዝቐንዐ መዳፍዕ ንምድምሳስ ከኣ ጽዑቕ ናይ ነፈርቲን ኣጋርን ስሊያዊ ዳህሳስ ክካይዱ ጀመሩ። ነፈርቲ ብቐጻሊ እናዘንበያ እተን መዳፍዕ ኣብ ዝትትከሉሉ እዋን ተኸታቲለን ክጥቅዕኦ፡ ነዊሕ ርሕቀት ዝሸፍን መዳፍዕ ጸላኢ ከኣ ናብኡ ክቐንዕ ትእዛዝ ተዋህበ። እንተኾነ ንደብዳብ መዳፍዕ ህዝባዊ ሰራዊት ከዕግስዎ ኣይከኣሉን። ክሳብ ድሮ ናጽነት ድማ ቀጸለ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብ26 መጋቢት 1990 ኣብ ግንባር ግንዳዕ ድግድግታን ጋሕተላይን ክድብድባ ካብ ዝበረራ ክልተ ነፈርቲ ኩናት ጸላኢ፡ ሓንቲ ሚግ-21 ብጸረ-ነፈርቲ ህዝባዊ ግንባር ተሃሪማ ኣብ ከባቢ ዓድዕለ ክትወድቕ እንከላ፡ ኣብራሪኣ ዝነበረ ምክትል ሓለቓ ሚእቲ ኣባይነህ ሃይሉ ተማረኸ።

### "ዘመቻ ገስጥ"

ሰርዓት ደርግ፡ ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝፈተኖ ክልተ ወፍርታት ከቢድ ክሳራታት ተሰኪሙ እኳ እንተነበረ፡ ቁሩብ ክዕገስን ሰገጥ ክብልን ኣይከኣለን። ነተን ዝተዳኸማ ኣሃዱታት ዳግም ወዲቡን ተወሰኽቲ ኣሃዱታት ደሪቡን፡ ኣብ ሰራዊቱ ጽዑቕ ጉስጓሳት ብምኽያድ፡ እንደገና ካብ 29 መጋቢት ክሳብ 1 ሚያዝያ 1990 "ገስጥ" ዝሰመዮ ሳልሳይ ግዚፍ ወፍሪ ኣበገሰ።

ብመሰረት ውጥን መጥቃዕቲ ጸላኢ፡ እቲ ብዓቕሚ ሰብን ኣጽዋርን ደልዲሉ ልዑል ምድላዋት ገይሩ ዝነበረ ክፍለ-ጦር 18 ፈንጢሱ ምስ ሓለፈ፡ ሓይሊ እናደራረብካ ብማእከላይ ግንባር ንምስባር፡ ነቲ ክሳብ ሽዑ ኣብ ውግእ ከይኣተወ ዝጸንሐ ክፍለ-ጦር 23 ካብ ግንባር ከረን ስሒቡ ኣምጽኡ። ምስዚ ቀንዲ መጥቃዕቲ ተኣሳሲሩ ከኣ፡ ብሰሜናዊ-ባሕሪ 10ይ ክፍለ-ጦር፡ ናይ ኣውራጃ ሓማሴን ምሊሻ ሰርናይ (እኽሊ ስርናይ ንምርኻብ ዝተዓሰቡ ደቂ-ሃገር) ደሪቡ፡ ካብ ፍሽይ ነቒሉ፡ ኣገደስቲ ቦታታት ክሓንቕ ተልእኾ ተዋህቦ።

ህዝባዊ ግንባር ነዚ ሰፊሕ ምድላዋት ጸላኢ ብደቂቕ ይከታተሎ ነበረ። በዚ ድማ፡ ኣብ ምሉእ ግንባር ዝነበራ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ዘድልየን ኣጽዋርን ተተኳሶትን ቀሪበን ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተጠንቂቐ ነበራ። ጸላኢ ካብ ጽርግያ ግንዳዕ-ደንጎሎ ንጸጋም ዘሎ ቦታታት ዝያዳ ኣቓልቦ ክገብረሉ ከምዝኽእል ስለዝተገመተ፡ ሓደ ብርጌድ ናይ ክፍለ-ሰራዊት 52 ኣብቲ ከባቢ ከም ተጠባባቒ ከም ዝጸንሐ ተገብረ። ኣብቲ ግንባር ብቐጻሊ ዝዋግኣ ዝነበራ ኣሃዱታት ዓቕሚ ሰብን እናተጓደለ ይኸይድ ብምንባሩ፡ ሓደስቲ ናይ '90 ተሰለፍቲ ብምውሳኽ ኮነ ዳግመ ምውዳብ ብምግባር ከምዝጠናኸራ ተገብረ። መታኽስን መዕቀብን ናይ ትሕተ-መሬት ጉዛውቲ ተሰርሐ። ብብዝሒ ረሻሻትን ሞርታራትን መዳፍዕን ከምኡ'ውን ጸረ-ሰብ ኑቶግቲ ተጻዊዱ ድማ መጥቃዕቲ ንምምካት ድልው ኮነ።

ጸላኢ 29 መጋቢት ሰዓት 4፡00 ወጋሕታ ዝኸፈቶ መጥቃዕቲ፡ ብጽዑቕ ደብዳብ መዳፍዕ፡ ሞርታራትን ነፈርትን ተሰንዩ ምሉእ መዓልቲ ክቕጽሎ ወዓለ። ኣብዚ መጥቃዕቲ'ዚ ጸላኢ ብገለ ቦታታት ደፊኡ ሰግኣት ፈጢሩ'ኳ እንተነበረ፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት በዚ ከይተሰናበዳ፡ ካብ መዛግበን ከይተነቓነቓ፡ ነቲ ደፊኡ ዝኣተወ ሓይሊ ብብርቱዕ ደብዳብ ሞርታራትን መዳፍዕን ከምዝብዑተ ገበራኦ።

ብሸነኽ ሰሜናዊ-ባሕሪ ካብ ፍሽይ ዝቐጸለ 10ይ ክፍለ-ጦር፡ ንብርጌድ 91 ናይ ክፍለ-ሰራዊት 96 ኣጥቂዑ፡ ጽርግያታት ንምዕጻው ብርጌዳቱ እናቐያየረ ሓያል መጥቃዕቲ ኣካየደ። እዚ ክፍለ-ጦር'ዚ ውሱን ቦታታት ክሕዝ ክኢሉ'ኳ እንተነበረ፡ ብጸረ መጥቃዕቲ ተጸፊዑ ሸቶኡ ከይወቕዐ ተመልሰ። ንጽባሒቱ እቲ ድፋዕ ምስተሰበረ ንቕድሚት ክውርወር ተባሂሉ ተዓቂቡ ዝነበረ ክፍለ-ጦር 23፡ ናይ "ምውርዋር" ዕላማኡ ገዲፉ፡ ንክፍለ-ጦር 18 ተኪኡ ኣብቲ ኩናት ተጸምደ። ጸላኢ፡ መጥቃዕቲታቱ የማን-ጸጋም እናቐያየረ፡ ካብ ናይ ቅድሚኡ መዓልቲ ደብዳብ ብዝያዳ ጻዕቂ ጸቒጢ ክገብር'ኳ እንተወዓለ ክሰልጦ ኣይከኣለን።

ድሕሪ'ዚ ብርቱዕ ግጥም'ዚ ብ31 መጋቢት 1990፡ ግንባር ግንዳዕ ብተዛማዲ ሃዲኡ ወዓለ። ጸላኢ ንጽባሒቱ መጥቃዕቲ ንምቕጻል ዳግመ-ምውድዳብ ክገብር ወዓለ። ባሕቲ ሚያዝያ ድማ፡ ውግእ ጀመረ። ነቲ ዘጥቅዕ ዝነበረ ኣጋር ሰራዊት ንምድጋፍ ዝተወሃሃደ ደብዳብ መዳፍዕ፡ ሞርታራትን ነፈርቲን ከም ኣይዒ ዘበ። ጸላኢ ብሓደ ውሱን ቦታ ጥራይ'ዩ ወፊሩ። ኩሉ ኣጽዋሩ ካብ ሓደ ኪሎ ሜተር ኣብ ዘይገፍሕ መሬት ከም ሕሱም ሃረመ። ሙብዝሕትኡ ኣብ ድፋዓትን መዕቀብን ህዝባዊ ሰራዊት ስለዝወቕዐ፡ እዚ ናይ 1 ሚያዝያ ደብዳብ ከቢድ ብረት ኣብ ተጋደልቲ ዘስዓቦ መስዋእትን መውጋእትን ዝኸበደ ነበረ። እንተኾነ እቲ ውግእ ብዓወት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብፍሽለት ውጥን ጸላኢ ተደምደመ።

### "ዘመቻ ኣድን"

ጸላኢ ድሕሪ'ቲ ኩሉ ዘጋጠሞ ፍሽለት እውን እንተኾነ ንግንባር ግንዳዕ ናይ ምስባር ሕልሙ ኣየቋረጾን። ጸዑቕን ትንፋስ ዘይህብን መጥቃዕቲታት እንተ ቐጸለ፡ ኣብ መወዳእታ ንሓይሊ ህዝባዊ ሰራዊት ኣዳኺሙ፡ ክዕወት ከምዝኽእል ተኣማሚኑ ነበረ። "ዋልያ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ 2ይ ክፍለ-ጦር፡ ናብቲ ግንባር ከም ዝኣቱ ብምግባር ድማ፡ ብ6 ሚያዝያ 1990 "ዘመቻ ኣድን" ዝተሰምየ ራብዓይ ወፍሪ ኣበገሰ። ዋልያ ብከባቢ ሓመልማሎን ፈረስጎን ክጥቅዕ ቦታኡ ሓዘ።

ኣብዚ ወፍሪ'ዚ፡ ጸላኢ፡ ኣቓልቦ ህዝባዊ ሰራዊት ናብ ካልእ ንምስሓብ ኣቐዲሙ ብወገን ሰሜናዊ-ባሕሪ'ዩ ተንቀሳቒሱ። ዕላማ ናይዚ ምንቅስቓስ'ዚ፡ ብቐንዱ ብኡ ሸነኽ ዝነበረ ሓይሊ ህዝባዊ ግንባር ናብ ማእከል ግንባር ግንዳዕ ከይንቀሳቐስ ንምሓዝ፡ እንተሰለጠ ድማ፡ ደፊእካ ንጉላጉል ብምውራድ፡ ነቲ ብየማን ዝቕየድ መጥቃዕቲ ብኹሊትን ብድሕሪትን ንምሕጋዝ ነበረ። ብ6 ሚያዝያ ጸላኢ፡ ኣብ ከባቢ ኩዶን ፍልፍልን፡ 10ይ ክፍለ-ጦርን ሓደ ብርጌድ ናይ 6ይ ክፍለ-ጦርን ኣሰሊፉ፡ ብብርቱዕ ደብዳብ ከቢድ ብረት ተሰንዩ መጥቃዕቲ ፈነወ። ኣብዚ ቦታ'ዚ ዓሪደን ዝነበራ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ናይ ክፍለ-ሰራዊት 96 ኮይነን፡ ብርጌድ 91 ካብ ዒላ-ዒሮ ክሳብ ጽርግያ ፍልፍል፣ ካብኡ ቀጺላ ብርጌድ 49 ክሳብ ክሳድ-ኣልጌን ተዘርጊሐን ነበራ። ብርጌድ 91 ብቐጻሊ ውግእ ዓቕማ ተዳኺሙ ስለዝነበረ፡ ምስታ ድሕሪ ውግእ ደንጎሎ ቁሩብ ኣዕሪፋ ዓቕማ ዘደልደለት ብርጌድ 49 ናይ ድፋዕ ምቅይያር ብምግባር ኣተሓሕዛአን ኣመዓራረያ። ጸላኢ ሻለቃታት (በጦሎኒታት) እናቐያየረ ካብ 6 ክሳብ 12 ሚያዝያ ዘካየዶ መጥቃዕቲ ከኣ፡ ብሓይልታት ክፍለ-ሰራዊት 96 ምስ ወሃብቲ ደገፍ ኣሃዱታት መካናይዝድ ክፍለ ሰራዊት 74 ከምኡ'ውን ኣሃዱታት ሃንደሳ ተመኪቱ ተመልሰ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብ9 ሚያዝያ፡ ካብ ሰዓት 2፡30 ናይ ለይቲ ጀሚሮም፡ ኣብቲ ክፍለ-ሰራዊት 85 ዓሪዱሉ ዝነበረ የማን-ጸጋም ጽርግያ ግንዳዕ-ደንጎሎ፡ ክፍለ-ጦራት ጸላኢ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ፈነዉ። ክፍለ-ሰራዊት 61 ኣብ ዝዓረደሉ ከባቢ ማይ-ጭቃን ሓመልማሎን እውን ተመሳሳሊ መጥቃዕቲ ተኻይዱ ነበረ። እቲ ክሳብ ንጽባሒቱ 10 ሚያዝያ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ፡ ብጻዕቂ ደብዳብ ነፈርቲ ዝተሰነየ'ኳ እንተነበረ፡ ፍረ ከይሃበ ተደቍሰ። ዕርድታት ህዝባዊ ሰራዊት ብተተኮስትን ሞርታራትን ዝተሓጽረ ብምንባሩ፡ ጸላኢ ከድምዕ ኣይከኣለን። ይኹን'ምበር ኣብዚ ናይ ዕለት 10 ውግእ፡ ጸላኢ ናብ ሰሜን ሓመልማሎ፡ ክፍለ-ሰራዊት 52 ዓሪዱሉ ኣብ ዝነበረ ድፋዕ ሓይሉ ኣጽዒቑ፡ ክልተ ግዜ ነቲ ድፋዕ ተቖጻጺሩዎ ነይሩ'ዩ። እንተኾነ ብጸረ-መጥቃዕቲ ተመልሰ። በዚ ድማ "ዘመቻ ኣድን" ፈሺሉ፡ ጸላኢ ከቢድ ክሳራ ተሰኪሙ ዘፍ በለ።

ይቕጽል. . .

# ካብ ዘባታት

## ‘ክኻን ድዲውዱኹ’ (ጥፉኣት መርዓ)

ገርግስ ፍቓድ ድራር

ኤረታሪኽ መሳጢ ዛንታታት ኣለዎ፡ ክፉል ወርሻ ኣፋዊ ያታታት ከም ምዃኑ መጠን ኣብ እዋኑ ብጽሑፍ ብደምጸን ስእልን ዘይተሰነደ ብምዃኑ፡ ምስ ምንዋሕ ግዜ ገለገለ ዘሸራረፍን ዘውሰኽን ጸዋታት እኳ እንተሃለዉ ካብ ወለዶታት እናተወራረሰ ዝመጸ ብምዃኑ፡ ከም ረቂቕ ባህላዊ ወርሻ መጠን ኣገዳስነቱ ጉሉሕ እዩ።

ኣብ ን/ዞ ሓጋዝ ምምሕዳር ከባቢ ግላስ ዶብዖት እትብሃል ታሪኻዊት ዓዲ ኣላ። ኣብ'ዛ ዓዲ'ዚኣ ንተመራመርቲ ታሪኽ ዝምስጥ ኣገደስቲ ኣሰራት ጥንታዊ ታሪኻዊ ቅርስታት ኣለዉ። ስብርባር ኣጋልዕ ከምኡ'ውን ሓወልቲ ዝኣመሰሉ ነገራት ብብዝሒ ይርከብ። ብ “ክኻን ድዲውድኹ” ዝፍለጥ ታሪኻዊ ቦታ መቓብር'ውን ኣብዛ ዓዲ'ዚኣ እዩ ዝርከብ። ዶብዖት ካብ ከረን ኣብ ማእመር ጽርግያ ከረን - ተሰነይ ኣብ ማዕል 18 ኪሎ ሜትር ምስ በጻሕካ ኣብ ሸነኽ ጸጋም ጽርግያ፡ ትሕቲ ወተሃደራዊ ሆስፒታል ግላስ እትርከብ ዓዲ እያ። እዛ ዓዲ'ዚኣ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣካል ምምሕዳር ከባቢ ግላስ ኮይና፡ ምስ'ታ ብምብራቕ እትዳወባ ጎደቦኣ ኣሸራ'ውን ጥቡቕ ምትእስሳር ስለዘለዋ፡ ብፍላይ ከም ቤት ትምህርትን ቤተ-ክርስትያንን ኣብ ዝኣመሰለ ንጥፈታት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንዊሕ እዋን ምስ ምምሕዳር ከባቢ ኣሸራ እያ እትጥርንፍ ነይራ።

ንመቓብር ‘ክኻን ድዲውድኹ’ ምስ ሓለፍካ ዝርከብ፡ ኣብ ማእመር ሓጋዝ - መንሱራ ትሕቲ በሪኽ ኀኮ ሻልኩ ዝተደኮ፡ ንኣሸራን ዶብዖትን ዝፈላሊ ኩሩብታ ክሳድ ህመሚትን መቓብር ጉብረተርቐን'ውን ካልእ ርእሱ ዝኸኣለ ኤረታሪኻዊ ዛንታ ዝሓዘ መሳጢ ጽዋ ዘለዎ ታሪኻዊ ቦታ እዩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ብሄራትና ዝተፈላለየ ባህላዊ ወግዕን ኣጉዛበን ዘለዎ ጽምብል መርዓ ኣሎ። ካብ ኩሉ ኣብ ውሽጢ'ቲ ሕብረተሰብ ዝግበር ናይ ሓገስ ማሕበራዊ ጽምብላት ከኣ መርዓ እቲ ዝዓበየ እዩ። ኣብ ብሄረ ብሊን ብሓፈሻኡ ወግዒ መርዑ ካብ ወራድ መርዓ ጀሚርካ ብዝበይረደኡ ዝግበር ባህላዊ ንጥፈታትን ኣተገባብራኡን ብፍላይ ከኣ ናይታ ዕለት ንገሰን ንሽስትን ዝኾኑ መርዓውቲ ልዕሊ ኩሉም ዝበርኸ ክብሪ እዩ ዝወሃቦም። ዋላ ብወዝቢ መርድእ ሞት ቤተ ዘመድ'ውን እንተ ኣጋጢሙ ኑቲ ኩነታት ከይብርዝ ብዝዙትኽእል መጠን ንውሱን ግዜ ከም ዝስተር ይግበር። መርዓ ተመሊኻን ተጻዚብካን እትገብሮ ቁጻራ ክኸውን ከሎ፡ ሞት ግን ብዘይቁጻራ ዘጋጥም ተረኽቦ እዩ።

ከም ልሙድ ወግዕን ያታን ብሄረ-ብሊን ወራድ መርዓ ክወፍሩ ከለዉ፡ ካብ እንዳ ወዲ ተመሪቖም ተበጊሶም ክሳብ እንዳ ጓል ዝጽሕሉ ከምኡ'ውን ብተመሳሳሊ መርዓት ሓዚም ክምለሱ ከለዉ ኣብ ጉዕዞኦም እናደበሉን እናጨፈሩን እዮም ዝኸዱ። እቲ ናይ ቀደም መርዓ መብዝሕቱ ከም ምርጫ ካብ ጉደቦኦም ወጻኢ ኢሎም እዮም መዋስቦቲ ዝወስዱ ዝነበሩ። ከምዚ ናይ ሎሚ ጥጡሕ ማእመር ጽርግያታትን መጉዓዝያ መካይንን ስለዘይነበረ ከኣ መርዓት ኣብ ገመል ተጻዒና እያ ትኣቱ። ከም ርሕቀት ናይቲ ዓዲ ከኣ ወራድ መርዓ ሓደ ወይ ክልተ መዓልቲ ዝወሰድ መንገዲ ይጓዓዙ። መርዓት ብፍሉይ ንዓኣ ተባሂሉ ብዝተዳለወ ኣጭርቅቲ 12 ሜትሮ ነጸላ (ጨርቂ ደበሳን) ከም ሰዊት ዕፉን እያ ትሽፋፈን። ኣብ ገመል ፍሉይ ኮፍ መበሊ ተጣጢሑላ ምስኣ መርዓት ናይ ምሓዝ ተመኩሮ ዘለዎ ሰብ ብወግዒ ተመዚዙ ደይቡ እዩ ዝሕዛ።

ካብ'ታ ግዛ ኣደኣ ተጻዒራ ምስ ተወሰደት ክሳብ'ታ ናይ መጨረሻ እንዳ ሰብኣያ እተዕርፈላ ዓራት እትበጽሕ ብሰብ ተጻዒራ'ያ ትወርድን ትስቀልን። ብእግራ ፈጺማ መሬት ኣይትረግጽን እያ።

እቲ ዝኸድዎ ዓዲ ርሑቕ እንተ ኾይኑ ኣብ መንገዲ መርዓት ንፋስ ክትወስድ፡ እቶም ወራድ መርዓ'ውን ምእንቲ ከዕርፉን ክፍሰሱን ቦታ መሪጾም ንሓደ ፍርቂ ሰዓት ዝኸውን ግዜ ደው ይብሉ እዮም። መርዓት ግን ክትሽይን ይኹን ኑቲ ተጠምጢሙዋ ዘሎ ጨርቂ ክትከፍት ኣይፍቀደላን። ክትቅሳዕ ክትረኣ የብላን። ከተዕልል'ውን ፍቑድን ንቡርን ኣይኮነን። ምናልባት ሸኑቲ ከየሸግራ ተባሂሉ ካብ ድሮ'ቲ መርዓኣ ዘሎ መዓልቲ ካብ ደረቕን ፈሳስን መግቢ ኣቆዲማ ብቑንያቱ'ያ ትሕረም። ምኽንያቱ እቲ ንሳ እትኣትወሉ ፍሉይ ኣግኡትን ምስኡ ለገቡ ዝስራሕ ቤት-ሸንትን (ሸቓቕ)፡ ድሕሪ ንሳ ምእታዋ'ዩ ዝስራሕ። ኣብ ምስርሑ'ውን ከም ንጥፈት ናይቶም ኣዕሩኽ ካብ ሰዓታት ክሳብ ሓደ መዓልቲ ክድንጉ ወይ ክቕልጥፍ ይኽእል። ኣብ ኩሉ ጉዕዞኦም ከኣ ንመርዓት ከም ሹም ንህቢ ኣማእኪሎም ብዘይምቁራጽ እናደበሉን እናጨፈሩን ይጓዓዙ።

ወራድ መርዑ፡ መርዓት ሐዚም ክመጽኡ ከለዉ፡ ኣብ ቅድመኦም ኣብ መንገዲ ዝጸንሐ ተጓዓዛይ፡ ካብቲ መንገዲ ግልል ኢሉ ናይ ክብሪ ቀዳምነት ብምሃብ የሕልፎም። ዝተፈላለዩ ናይ ዕድመ ሰብ ጸጋ ኣቦታት ከምዝዕልልዎ፡ መበቆላዊ ኣመጻጽኣኡ ናይቲ ናይ ደበሳን ጨፈራን ኣገባብ ጽምብል፡ ካብ ምዝራፍ፡ ኩናትን መኸተን ዝተበገሰ ምንባሩ ይገልጹ። ኣብ ደበሶ፡ እቶም ወናማት ደበልቲ በበጸምዲ ኮይኖም ሴፍ፡ ኩናትን ዋልታን ሐዚም እዮም ዝስሃዩ። ትርጉሙ ከኣ ፈኸራ ዓይነት ኮይኑ “ንሕና ወሰድናያ ንዘሎና መርዓት ከየድፈና ንዘመጽኡ፡ ንዘጹብኣና ይኹን ክየንዙና ንዙሓስብ ዘበለ ኩሉ ንምምካትን ንምውጋእን ድሉዋት ኢና” እዩ ዘስምዕ። ቡበቑሩብ ግን ምስ ምዕባለ ሕብረተሰብን እቲ መመረጽካ ዝግበር ዝነበረ ጉሬዙ ናይ ምዝራፍ ጉጎጻዊ ኣገባብን ልምድን ተረፉ፡ ብወግዒ ንመውሰቦ ሓቲትካ ብሕጹን ካልእ ባህላዊ ወግዕታትን ሓሊፍካ ኣብ መርዓ ከም ዝበጽሕ ኮይኑ። ስለዚ ኩሉ እቲ ናይ ቀደም ይኹን ድሒሩ ዝተራዕመ ልምዲ፡ ንክብሪ መውሰቦን መርዓትን ዘጽር ጽምብል እዩ።

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ግላስ ዝርከብ ብ“ክኻን ድዲውዱኹ” ዚፍለጥ ቀጥታዊ ትርጉሙ ወራድ መርዓ ዝጠፍኡሉ ዘስምዕ ኮይኑ፡ ኑቲ ፍጻመ ዝገልጽ ጭብጥ መርትዖ ኣሰራት ኣለዋ። ካብ ዶብዖት እትብሃል ዓዲ ሓሊፍካ ብምብራቓዊ ሸነኽ ንኣሸራ ገጽካ ኣብ ዝወስድ መንገዲ ኣስታት 300 ሜትሮ ዝኸውን ርሕቀት ምስ ተጓዓዝካ ቡበወገኑ ዝተጨርሐ ብዋዑእ ዝተኣደቀ መዋእል ዘሕለፈ ዓሰርተታት መቓብር ኣሎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኮይንካ ኑቲ መቓብር ብምርኣይ ጥራይ እቲ ፍጻመ ኣበየናይ መድረኽን ዘመንን መዓስ'ዩ ነይሩ፤ ዝብል ሕቶ ብንጹር ምምላስ ዝከኣል ኣይኮነን። ዝተወከሰናዮም ኣቦታት ከምዝሕብርዎ እውን እቲ ህያው ቅርሲ መቓብር ካብ ኣቦሓጎታትና ዝጸንሐ ካብ ቀደም ምንባሩ፡ እዚን ኣብ ከባቢኡ ተደኲኑ ዘለዋ ዓድታት ቅድሚ ምምስራተን ኣቐዲሙ ዝበረ ናይ ነዊሕ ዘመንን ኣማኢት ዓመታት ዝገበረን ምዃኑ ብኣፈታሪኻዊ ዛንታ ጥራይ እዩ ዝግለጽ። ኣብዚ ናይ ሎሚ በጺሕናዮ ዘለና ዘመነ ምዕቡል ቴክኖሎጂ ግን ብተመራመርቲ ስነጥንቲ ካብቲ ቅርስታት መቓብር ቅምሶ ወሲድካ መርመራታት ብምኽያድ ከም ዝፍለጥ ምግባር ዘጸግም ኣይኮነን። ስለዚ ተመራመርቲ ስነ-ሰብን ስነ-ጥንትን ሃገርና ብዙሕ ተመሳሳሊ ግድላት ዘለዎ፡ መጸናዕትን ምርምርን ዝሓትት ታሪኻዊ ቦታታት ይጽበዮም ምህላዉ ምዝኽኻር ኣገዳሲ እዩ።

መበቆላዊ ታሪኽ “ክኻን ድዲውድኹ” እቲ ንሓጎስን መርዓን ናብ ጓህን ሓዘንን ዝለወጠ ክስተት፡ በቲ ሓደ ወገን ኣገራሚ፣ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ዘሕዝን ፍጻመ እዩ። ኣብቲ ቦታ ብኣንጻራዊ መኣዝን ዝጓዓዙ ክልተ ወራድ-መርዓ እዮም ተራኺቦም። ክልቲኦም ወራድ መርዓ ከኣ ክወፍሩ ከለዉ ዘይኮነስ መመርዓቶም ሐዚም ነንዓዶም ክምለሱ ከለዉ እዮም ኣብታ ታሪኻዊት ቦታ ገጽ ንገጽ ተራኺቦም። ጠንቂ ባእሲ ከኣ ‘መን ብየማን ሓለፈ’ እዩ። ቡበወገኖም “ንሕና ኢና ብየማን ንሓልፍ! ንሕና'ባ ብየማን ንሓልፍ!” ብምብሃል ስለዝተታረኹ ክሰማምዑ ስለዘይከኣሉ፡ ነፍሲ ወከፎም ኑቲ ምርጫኦም ብሓይሊ ከተግብርዎ ኣብ ቀጥታዊ ጉጎጽ ኣትዮም። እቲ ጠሉብ ከበድ ኣይነበረን፡ እቲ መስርሕ'ውን ዝተሓላለኸ ትራፊካዊ ፍርዲ ዘይሓትት፡ ብቐሊሉ ዝትግበር'ዩ ዝነበረ። ዘይምርድዳእን ህልኽን ስለዝዕብለሎ ደኣ ተደናገርም እምበር ክልቲኦም ቡበየማኖም ኩሓልፉ ዘጸግም ኣይነበረን። እቲ ዝተፈጥረ ጸገም፡ እቶም ሓደ ወገኑ ብሰንኪ ዘይምስትውዓል ጽርግያ ዓጸዮም ብጼጋማይ መስመር ስለዝመጽኡ እዩ። ምስትኽኻሉ ከኣ ቀሊል እዩ። ክልተኻ የማናይ ወገንካ ዘሎ ጸግዒ እንተሒዝካ፡ እቲ ሓደ ናይቲ ካልእ ጼጋማይ ኣንፈት ክሕዝ ወሀብ እዩ። ብማእመር ጼጋም ዓጊትካ ናይቶም ሓደ ወገን የማን እንተ ዓጺኻ ግን፡ ክልቲኡ ወገን ጼጋማይ ወገን ስለዝሕዝ ኑቲ ዘጋጠመ ግድል ይፈጥር።

ብሰንኪ'ዛ ቀላል ነገርን ዘይምስትኽኻልን ግና፡ ክልተ ወራድ መርዑ ዋላ ሓደ ሰብ ከይተረፈ ምስ መርዐቶም ሃሊቖም። ከም ልምዲ ናይቲ ባህሊ፡ መርዓዊ ስለዘይወፍር ብክልቲኡ ወገን መርዐት ጥራይ'የን ነይረን። ከምቲ ኣፈታሪኽ ዝገልጾን እቲ መቓብር ዝርእዮን ብክልቲኡ ወገን መርዓ ዝወፈሩ ብዚይ መላስ መርድእ ስለዝሃለቑ፡ ኣብ መጨረሻ እተን ክልተ መርዐት ንበይነን ጥራይ እየን ተረፊን። ንሰን'ውን ዝተሸፋፈናሉ ኣጭርቕተን ደርብየን ኑቲ ደማዊ ግጭት ብምቅጻል፡ ነንሓድሕደን ብምትሕንናቕ'የን ተቐታቲለን። መቓብረን ከኣ ካብቲ ካልእ ንብይኑ ፍልይ ኢሉ ጥቓ-ጥቓ ብንጹር ተደኲኑ ኣሎ። ስለዚ፡ እቲ ጥንታዊ ምዃኑ ዝእመነሉ ቦታ መቓብር ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ብደረጃ ውልቀ-ሰብ ይኹን ትካል ብተገዳስነት ዝጽሑፍ ዝተገደሰሉን ከምዝጸሎ ነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ ይሕብሩ። ብዝዕባ እንታይነት ናይቲ መቓብርን ህቡብ ኤረታሪኻዊ ዛንታኡን ግና ዋላ ነኣሽቱ ህጻናት'ቲ ከባቢ'ውን ዝፈልጥዎን ዘዘንትውዎን ኣዝዩ ህቡብ ትውፊት እዩ።


መቓብር ወራዶ መርዓ


መቓብር መርዐት

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ስነ ሓሳብ ኣብ ሓፋሽ ምስ ዝሰርጽ ናብ ነገራዊ ሓይሊ ይቕየር



ስነ ሓሳብ፡ ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰብ እቲ ዝሓየለ መሳርሒ ለውጢ እዩ። ረቂቕን ዘይርአ ስለ ዝኾነ ግን ክንዲ ነገራዊ ሓይሊ ሓይሉ ኣይስወጠናን እዩ። ስነ ሓሳብ፡ ሰባት ንዓለም ዝርእዩሉ መቓን ቅርጺ ዘትሕዝ፡ ናይ እምነታት፡ ክብርታትን ትርጓመን ስርዓት እዩ። ባህሪ ውልቀ ሰብን ሕብረተሰብን ክንርዳእ ዝኽእል ቅርጸ መቓን የዋድድ። ስነ ሓሳብ፡ ብተፈጥሮኡ፡ ካብ ብልሓዊ ክፋል ሓንጎል ሰብን ባህልን ይፍጠር። ኣብ ርእሲኡ፡ ፍሉይ ጥቕሚ ብዘሎዎም ውልቀ ሰባትን ትካላትን ክምንጩ ይኽእል እዩ። ስነ ሓሳብ፡ ጽልዋኡ ተጨባጢ እዩ፣ ንበይኑ ግን ለውጢ ከምጽእ ኣይክእልን። ንኣብነት፤ ገንዘብ፡ ምስኡ ዝፍጠር ክብሪ የብሉን፣ ንመጀመርያ ግዜ ገንዘብ ንዝርኢ ሰብ፡ ወረቐት እዩ፣ ሰብ ክብሪ ስለ ዝሃቦ ግን ጽልዋ ይፈጥር። ስነ ሓሳብ፡ ጽልዋኡ ክርአ እንተ ኮይኑ፡ ኣብ ግብሪ ክስርሓሉ ኣሎዎ። ሓፋሽ፡ ዝለዓለ ገስጋስ ንኸርኢ፡ ብሉጽ ስነ ሓሳብ ምህላው ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ስነ ሓሳብ ኣብ ግብሪ ክውዕል እንተ ኮይኑ፡ ክብሪ ዝህቦን ዝጥቀመሉን ሰብ ክህሉ ኣሎዎ። ቍጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ፖለቲካዊ … ሸነኻት ሕብረተሰብ ኣብ ግምት ዘእተወ ምዕባለን ገስጋስን ዘውሕስ ስነ ሓሳብ ምፍጣር፡ ከቢድ እዩ። ስነ ሓሳብ ኣብ ሕብረተሰብ ንምስራጽ ዝካየድ መስርሕ ግን ዝያዳ ይኸብድ።

ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ቀዳማይ ዕላማኡ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ምንጋፍን ናጻን ልኣላዊትን ሃገር፡ ኤርትራ፡ ምውናን እዩ ነይሩ። ሰውራ ኤርትራ ግን ነዚ ዳርጋ ዘይከኣል ዝመስል ዝነበረ ዓብን ከቢድን ጸር ጥራይ ኣይኮነን ሒዙ ተበጊሱ። ህዝቢ፡ ካብ ድንቍርና፡ ቍጠባዊ ተጸባይነት፡ ድሑር ባህላዊ እምነት፡ ኣድሉዎነትን ካልእ ጸረ ገስጋስ ዝኾነ ብድሆታትን ከናግፍ ተቓሊሱ። ስነ ሓሳብ ሰውራ ኤርትራ፡ ኣብቲ ሰላሳ ዓመት ዝወሰደ ብረታዊ ቃልሲ ኣዐዊቱ፣ ድሕሪ ናጽነት’ውን ከም ውርሻ ይሰጋገር ኣሎ። ብኸመይ?

ሰውራ ኤርትራ፡ ዘዐውት ስነ ሓሳብ ስለ ዝነበሮ ጥራይ ኣይኮነን ተዓዊቱ። ‘ስነ ሓሳብ፡ ኣብ ሓፋሽ ምስ ዝሰርጽ ጥራይ’ዩ፡ ናብ ነገራዊ ሓይሊ ተቐይሩ፡ ክጸሉን ዝድለ ውጺኢት ክርከቦን ዝኽእል፡’ ኢሉ ዝኣመነን ብረቂቕ ኣገባብ ስለ ዝተሰርሓሉን እዩ ተዓዊቱ። ስነ ሓሳብ፡ ኣብ ሓፋሽ ንኽሰርጽ ጥበብን ፍልጠትን የድልዩ። ስለዚ፡ ሰውራዊ ስነ ሓሳብ፡ ኣብ ህዝብን ተጋዳላይን ንምስራጽ፡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ እንታይ እዩ ተገይሩ? መሪሕነት ሰውራ ኤርትራ፡ ስነ ሓሳቡ ኣብ ሓፋሽ ብኸመይ ከሰርጽ ክኢሉ?

### 1. እኹል ኣፍልጦ ስነ ሓሳብ

ሓሳብ፡ ንዋናኡ ጋሻ እንተ ኮይኑ፡ ካልእ ሰብ ክርድኦ ፍጹም ኣይክእልን’ዩ። ስነ ሓሳብ ከኣ ካብ ተራ ሓሳብ ንላዕሊ፡ ብርክት ዝበለ ረቛሒታት ዘካተተ ስርዓተ ሓሳብ ስለ ዝኾነ፡ ንኻልኦት ክነርድእ እንተ ኴንና ዝዓሞቈ መረዳእታ ክህሉወና የድሊ። እዚ ኣገባብ’ዚ፡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ንረኽቦ ኢና። ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበረ ፖለቲካውን ቍጠባውን ኵነታት፡ ስነ ሓሳብ ዝተፈላለያ ሃገራት፡ ብብዝሒ ዝጕስጐስ ዝነበረ ስነ ሓሳባትን ጽልዋኡን … ዝብል ዛዕባታት፡ መጽናዕቲ፡ ዘተን ክትዓት ይካየደሉ ነይሩ እዩ። ሰሚናራትን ፖለቲካዊ ጕስጓሳትን ንሰዓታት ይኸይድ ከም ዝነበረን ጽልዋኡ ሓያል ከም ዝነበረን ይዝንቶ። ቃለ መሕትት፡ ኣብ መጽሔታት ዝወጽእ ዝነበረ ዓንቀጻት፡ መምሃሪን መጕሳጕስን ሰነዳት’ውን ንንጹርነትን ሓይልን ናይቲ ዝነበረ ስነ ሓሳብ የብርሃልካ። ስለዚ፡ ሰውራ ኤርትራ ኣብቲ ዝኽተሎ ዝነበረ ስነ ሓሳብን ጽልዋኡ እኹል ሓበሬታ፡ ፍልጠትን ተኣማንነት ከም ዝነበሮ ይበርሃልካ።

### 2. ንቕሓት ምዕባይ

ዝዓበየ መለለዪ ሰውራ ኤርትራ፡ ህዝባዊ ቃልሲ ብምንባሩ እዩ። እዚ ማለት፡ ሰውራ ኤርትራ፡ ህዝቢ ዘይኣመነሉን ዘይቅበሎን ስነ ሓሳብ ክኽተል ኣመርጽን ነይሩ። ህዝቢ፡ ዝኽተሎ ዝነበረ እምነት ገዲፉ፡ ብሰውራዊ መትከላትን ክብርታትን ክምራሕ እንተ ኮይኑ፡ ፈለማ ግቡእ መረዳእታ ክህሉዎ ኣሎዎ። ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ዝካየድ ዝነበረ ፈስቲቫላት፡ ኣብ ሱዳን ዝካየድ ዝነበረ ባህላውን ፖለቲካውን ናይ ጕስጓስ መደባት፡ ኣብ ውሽጢ ጸላኢ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ምስጢር ርክባት፡ ኣብ ነጻ መሬት ዝካየድ ዝነበረ ማሃይምነት ናይ ምጥፋእ ንጥፈታት፡ ወዘተ፡ ሰውራ ኤርትራ፡ ህዝቢ ንምንቃሕን ምውዳብን ዝገብሮ ዝነበረ ዓበይቲ ወፍርታት ዘጕልሕ ኣብነታት እዩ። እዚ ንጥፈታት’ዚ፡ ኣብ ምዕባይ ንቕሓት ህዝቢ ዓቢ ተራ ነይሩዎ እዩ። ኤርትራውያን ንስነ ሓሳብን ኣካይዳን ሰውራኦም ክርድኡን ክኣምንሉን ኣኽኢሉ እዩ። ካብ ውሽጥን ወጻእን ሃገር፡ ናብ ሰውራ ክጽንበር ዘውሕዝ ዝነበረ መእንሰይ፡ ከም መዐቀኒ ጽልዋ ናይዚ መደባት’ዚ ክንወስዶ ንኽእል። ሃገሮም ትዋጋእ ከም ዘላ ዘይፈልጡ ደቂ ገለ ሃገራት ትርከብ ኢኻ። ኣብ ኤርትራ ግን፡ ኩሉ ኤርትራዊ፡ ኣብ ሃገሩ ብረታዊ ቃልሲ ከም ዘሎን ዕላማኡ ንናጽነት ምዃኑን ይፈልጥ ነይሩ እዩ። ዝነቐሐ ሓፋሽ፡ ዘዐውቶ ስነ ሓሳብ ከለሊ ኣይጽግሞን እዩ። ነዚ ብምእማን’ዩ ከኣ፡ ሰውራ ኤርትራ፡ ህዝቢ ምንቃሕ ቀዳማይ ስራሑ ዝገበሮ።

### 3. ንሓባራዊ ረብሓ ምኳኑ ምእማን

ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ንቕሓት መደባት፡ ኣፍልጦ ንምዕባይ ጥራይ ዝዓለመ ኣይነበረን፣ ሓላፍነት ዜጋታት ዘዘኻኽር’ውን እዩ ነይሩ። ሰውራ ኤርትራ ህዝባዊ ቃልሲ ብምንባሩ ካብ ዝረኸቦ ረብሓ፡ ህዝቢ ዋና ቃልሱ ክኸውን ብምብቃዑ እዩ። ሓፋሽ ሰውራዊ ስነ ሓሳብ ክፈልጥ፡ ብኽፋት ክዛተየሉን ክኣምነሉን ዕድል ምስ ተዋህበ፡ ክሰውኣሉ ተራእዩ። ነቲ ምስ ባህሉን ልምዱን ዘይሳነ ዝነበረ (ኣብ ጕዳይ ጾታዊ ኣድሉዎ፡ መሬት፡ ማሕበረ ቍጠባዊ ደርቢ፡ …) መትከላት ከይተረረፈ፡ ክሰርሓሉን ክከላኸለሉን ክኢሉ እዩ። ሓፋሽ ባህሉን ልምዱን ከመሓይሽ፡ ብፍልጠት ዝተሰነየ ናይ ምሕደራ ኣገባባት ክኽተል፡ ኩለንተናዊ ኣድሉዎ ከወግድ ዝኽኣለ፡ ንሰውራ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብቐንዱ ንጥቕሙ ምዃኑ ስለ ዝኣመነ እዩ። ሰውራ ኤርትራ፡ ዝኽተሎ ዝነበረ ስነ ሓሳብ፡ ንሓፋሽ ዘርብሕ ምዃኑ ህዝቢ እንተ ተረዲኡ፡ ኩለንተናዊ ዋጋ ክኸውፍለሉ ምዃኑ ስለ ዝተኣማመነ እዩ ንህዝቢ ዘንቅሕ ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ ስነ ሓሳብ ሰውራ ኤርትራ፡ ኣብ መንፈስ ኩሉ ኤርትራዊ ሰሪጹ።

### 4. ማዕርነት

ኣብዚ ግዜ’ዚ፡ “ሃብታም” ወይ “ወዲ ሃብታማት” ክትብሃል ጸጋ እዩ። ኣብ ገድሊ ግን ሓደ ተጋዳላይ፡ “ንኡስ ብርጅዋ” እንተ ተባሂሉ ክሕነቕ እዩ ዝደሊ ነይሩ። እቲ ኩሉ ሰብ ዝምነዮ ብቑጠባ፡ ጾታ፡ ደረጃ ትምህርቲ፡ … ዝርከብ ልዕልና ወይ ሓለፋ፡ መለለዪኡ ከይከውን ክቃወም ምርኣይ፡ ሰውራዊ መትከትል ክሳብ ክንደይ ኣብ ኣእምሮ ኩሉ ተጋዳላይ ሰሪጹ ምንባሩ ይበርሃልካ። ማዕርነት፡ ዋላ ደኣ ስነ ሓሳብ ይኹን፡ እዚ ስነ ሓሳብ’ዚ ከየስረጽካ ንምዕባለን ገስጋስን ዝብቅዕ ካልእ ስነ ሓሳብ ከተስርጽ ኣይከኣልን እዩ። ኣብ ምስራጽ ስነ ሓሳብ ዝፈሸላ ካልኦት ሃገራት፡ ንስነ ሓሳበን ክጻባእ ዝኽእል ልምድታትን መትከላትን ኣብ ምቕያር ቀዲመን ስለ ዘይሰርሓ እዩ። ሰውራ ኤርትራ ግን፡ ኣቐዲሙ፡ ነቲ ጸረ ለውጢ ዝኾነ ኩለንተናዊ ኣድሉዎ ብምቕላስ ማዕርነት ኣውሒሱ እዩ። እዚ ግን ቀሊል መስርሕ ኣይነበረ። ነዚ ክውን ንምግባር ከኣ፡ ፈለማ፡ ሰውራ ኤርትራን መራሕቱን ኣብነታዊ ክኾውን ነይሩዎ። ምኽንያቱ፡ ብኣብነት ምምራሕ፡ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ስርጸት ስነ ሓሳብ ስለ ዝኾነ።

### 5. ንጹርን ዘየወላውልን መርገጺ ምህላው

ሓደ ስነ ሓሳብ ኣብ ሓፋሽ ክሰርጽ ብተደጋጋሚ ክስርሓሉ ኣለዎ። ኣብ ተግባረኡ ሓላግ ዘላፍ ምስ ዝህሉ ግን ሓያል ጽላዋ ከሕድር ኣይክእልን። ብፍላይ እቶም ዋናታት ስነ ሓሳብ ዘይክተልዎ፡ ንኻልኦት ክሕተልዎ ዘገድዱ ምስ ዝኾኑ ፍጹም ለውጢ ኣይርከቦን። ሰውራ ኤርትራ ዝሕተሎ ስነ ሓሳብ ንጹርን ዘይወላወል እዩ ነይሩ። ኣብ ርእሱኡ ከኣ ንሓደ ዘገድድ ነቲ ካልእ ዝንሕፍ ኣይንበረን። ሓላፊ ወይ ተራ፡ ሓድሽ ወይ ገዲም፡ ወዲ ወይ ጓል፡ ወዘተ፡ ዝብል ኣይፈላላይ’ውን ኣየቓምጥ እዩ ነይሩ። እኳ ደኣ ንሓላፊን ገዲም ተጋዳላይን ድርብ ሓላፍነት ዘሰክም ኣገባብ እዩ ነይሩ። ገድሊ ተለማሚዶም ዝጸንሑ ተጋደልቲ ንሓደስቲ ዘርእይዎ ዝነበሩ ሓልዮት፡ ተወፋይነትን መስዋእትን እቲ ዝሓየለ ኣገባብ ስርጸት ስነ ሓሳብ እዩ ነይሩ ክብሃል ይከኣል።

### 6. ቀጻሊ ገምጋምን ክለሳን ምክያድ

መስርሕ ስርጸት ስነ ሓሳብ ሰለስተ መድረኻት ይሓልፍ፣ ብንጹር ትሕዝቶ ናይ ምቕራብ፡ ናይ ትግባረን ናይ ገምጋምን ክለሳን መድረኽ። ኣብ ሰውራ ኤርትራ እዚ ሰለስተ መደረኻት’ዚ ብምልኣት ይኽለፍ ነይሩ። እቲ ሳልሳይ፡ ናይ ገምጋምን ክለሳን መድረኽ፡ ብቐጻሊን ዕቱብ ኣገባብን ዝካየድ ዝነበረ ንጥፈት እዩ። ነቐፌታን ርእሰ ነቐፌታን ዝዓበየ ኣብነት ናይዚ መድረኽ’ዚ ኮይኑ ፍቱንን ኣድማዕን ኣገባብ እዩ። ኣብ ሰውራ ኤርትራ ኩሉ ዓይነት ንጥፈት፡ ሰነድ፡ ባህሪ ሰብ፡ ኵነታት፡ ፍጻመታት… ብደቂቕ ይግምገም ነይሩ፣ እቲ ዘይተዓወተ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ዕዉት መስርሓት ከይተረፍ ብደቂቕ ይግምገምን ካልእ ዝሓሸ ኣማራጺ ይቐርበሉን ነይሩ። እዚ ኣገባብ’ዚ ንመስርሕ ስርጸት ስነ ሓሳብ ካብ ብዝሓታዊ ናብ ዓይነታዊ ዘሰጋገረ ኣገባብ እዩ።

ኣብ ፖለቲካውን ብረታውን ቃልሲ ኤርትራ፡ ሓርነታዊ ስነ ሓሳብ ኣብ ምስራጽ ልዑል ተራ ዝነበሮም ኣቦና ወልድኣብ ወልደማርያም፡ “ምዕዶ ንመእሰያት ደቂ ኤርትራ” ዝብል ኣርእስቲ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓንቲ ኤርትራ፡ ጽሑፍ ኣቕሪቦም ነይሮም። ከም መደምደምታ ናይ ሎሚ ትሕዝቶና እምበኣር ገለ ካብቲ ዝጸሓፍዎ ወስ ከነብል፣

“ሓደ ሰብ፡ ምእንቲ ሃገሩ ተዋጊዙ፡ ተጋዲሉ፡ ሞይቱ ኺበሃል ከሎ፡ ምእንቲ ሓርነት ማለትዩ ኣይኮነን፡ እወ፡ ሓርነት፡ ናይቲ ክሳዕ ናይ መወዳእታ ነጥቢ- ደም ዚፈሶ፡ ምእንቲ ሓንቲ ሃገር ዚግበር ውግእን ገድልን ትሕጃ ወይከኣ ውዑል እያ! ሓርነት ኣንጻር ባርነት ማለት እያ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ካልእ መንገዲ የልቦን። ሓርነት ዘይብሉ ወይስ ሓርነት ዘይወጸ ሰብ፡ ገና ባርያ፡ ኣብ ባርነት፡ ኣብ ናይ ከም ዝደሌኻ ምምልላስ ዘይምኽኣል ባርነት፡ ኣብ ናይ ዕዮ ምስኣን ባርነት ባርነት፡ ኣብ ናይ ከም እተራእየካ ከም እተበርሃካ ዘይምሕሳብን ዘይምእማንን ዘይምጽሓፍን ዘይምዝራብን ባርነት ኣርዑት እተቐርነ ሰብ ማለት እዩ!…”።

ርሑስ ቅንያት በዓል ናጽነትና!

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ

## ዘይተሳዓርነት ዓምበርበብ ብሳዋን ክንፈን ተገቲኡ

### ተጻዋታይ ጋንታ ሳዋ እስራኤል ሙልጌታ ብብዝሒ ሸቶታት ደሚቑ

ብምኽንያት በዓል ናጽነት ዝቐደድ ዘሎ ስፖርታዊ ንጥፈታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ብቐደሚ ትማሊ'ውን ኣብ ሜዳ ቦውሊንግ መዓስከር ደንደን ብጸወታታት ኩዕሶ ሰከቦት '3 ኣን 3' ቀጺሉ ወዒሉ።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ፣ እታ ክሳዕ ሕጂ ከይተሳዕረት ክትግስግስ ዝጸንሐት ክሉብ ዓምበርበብ ብክንፈ ብጾቢብ ወጽኢት 8ብ7 ብምስዓራ ካብቲ ክትከዶ ዝጸንሐት ናይ ዓወት ጉዕዞ ክትተኣለፍ እንከላ፡ ሓሬና ድማ ንቦደሆ 11ብ9 ኣፋንያታ። ደጊመን ዓምበርበብን ክንፈን ኣብ ዘቐደድኦ ጸወታ፡ ክንፋውያን 16ብ14 ደጊመን ዓወት ተጐናጺፈን። ዓምበርበብ ምስ ብደሆ ኣብ ዘቐደድኦ ጸወታ 10ብ4 ብምርታዕ ናብ ዓወት ክምለሳ ክኢለን እየን። ሓሬና ድማ ንክንፈ 6ብ5 ስዒረንኦን።



ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ዓምበርበብ ንክንፈ 18ብ16፣ ሳዋ ንከረፈር 21ብ11 ስዒሮሞም። ከረፈር ንክንፈ 20ብ18 ከተሰንፉ እንከለዉ ሳዋ ንዓምበርበብ 21ብ16 ብምርታዕ ነታ ብዓወት ክትግስግስ ዝጸንሐት ዓምበርበብ ኩሊፉዋ። ኣብዚ ግጥም፡ ተጻዋታይ ክሉብ ሳዋ እስራኤል ሙልጌታ ብበዝሒ ሸቶታት ብምምዝጋብ ደሚቑ ወዒሉ። ዓምበርበብ ምስ ከረፈር ኣብ ዘቐደድዎ ጸወታ 20ብ14 ተዓዊቶም።

ኣብዚ ብውዕወዕ መንፈስ ዝቐደድ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ብደቂ ኣንስትዮ ሓሬና ምስ ክንፈ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ ሳዋ ምስ ዓምበርበብ ረቡዕ 21 ግንቦት 'ዋንጫ ናጽነት መን ዓተረ' ክራኸባ ምዃነን ህዝባዊ ርክባት ማሕበራዊ ጉዳያት ሓይልታት ምክልኻል ሓቢሩ።

## ማእከል - ውድድራት ኣትሌቲክስ ተኻዪዱ

ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ካብ 9 ግንቦት ክሳዕ 11 ግንቦት ኣብ ሜዳ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕርን ጉደናታት ኣስመራን ናይ ትራክን ጸርግያን ውድድራት ኣትሌቲክስ ኣካዪዱ።

ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ትሕቲ ዕድመ ኣብ ዘቐደድዎ ናይ 400 ሜትሮ ውድድር፡ ሰሰን ሚካኤል፡ ቤትኤል መብራህቱ ካብ ፍረ-ጻዕሪ ሚንስትሪ ሕርሻ ቀዳመይትን ካልኣይትን ብምዃን ክዕወታ ከለዋ፡ ሰገን ያቆብ ካብ ጉዳይፍ ሳልሰይቲ ወጺኣ። ከምኡ'ውን ሰራክ ጉብረስላሴ ካብ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ላምሄክ ጎይትኦም ካብ ኣጮሻውል፡ ሚልዮን ተስፋልደት ካብ ፓራዳዝ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ዘሎ ደረጃ ሒዞም። ናይ 800 ሜትሮ ውድድርን ዘቐደዳ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ካፍሪ ተስፋማርያም ካብ ፍረ-ጻዕሪ ሚንስትሪ ሕርሻ፡ ናዝሬት ታዝሽ ካብ መረብ ሰቲት፡ መረብ ኣማኑኤል ካብ ጉዳይፍ ቀዳሞት ሰለስተ ዕውታት ኰይነን። ደቂ ተባዕትዮ፡ ሴም ዘርኣይን እሰይ ወልደማርያምን ክልቲኦም ካብ ዕዳጋ ሓሙስ ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ክሕዙ እንከለዉ፡ ቢላል ጃምዕ ካብ ማእከል ከተማ ድማ ሳልሳይ ኰይኑ።

ተወዳደርቲ ማእከላይ ዕድመ ኣብ ዘቐደድዎ ናይ 100 ሜትሮ ውድድር፣ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሚልዮን ተኽለ ካብ ኢንሹራንስ፡ ንያት ጎይትኦም ካብ ፓራዳዝ፡ ቤተልሄም ሙሴ ካብ ጉዳይፍ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ተርታ ሒዘን። ብደቂ-ተባዕትዮ ድማ ቤትኤል ባዮሎ ካብ ኩባንያ ህንጻ ሰገን፡ ናህ መሓሪ ካብ ጸጸራት፡ ናህም ትኩእ ካብ ዕዳጋ ሓሙስ ተዓዊቶም። ኣብ ናይ 200 ሜትሮ ከኣ ሶልያና ጉብረህይወት ካብ ጸጸራት፡ ሚሪ በርሀ ካብ ኣጮሻውል፡ ማርታ ክብሮም ካብ ፓራዳዝ ተዓዊተን። ኣብ ናይ 400 ሜትሮ ውድድር፣ ብደቂ-ተባዕትዮ፡ ብስራት ፍስሃየ ካብ ፍረ-ጻዕሪ ሚንስትሪ ሕርሻ፡ ኣዶናይ ኤፍሬም ካብ ኣጮሻውል፡ ኢሰርም ጺጋይ ካብ ፍረ-ጻዕሪ ሚንስትሪ ሕርሻ ክዕወቱ እንከለዉ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ከኣ፡ ቅሳነት ፍስሃየን ሄለን ዘናውን ካብ ኢንሹራንስ ቀዳመይትን ካልኣይትን ኮይነን። የርሳሌም ጎይትኦም ካብ ዕዳጋ ሓሙስ ድማ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ። ኣብ ናይ 800 ሜትሮ ሊድያ ኢሳቕ ካብ መረብ ሰቲት፡ ሞርያ ጎይትኦም ካብ ፓራዳዝ፡ ሊደታ ኤፍሬም ካብ ኢንሹራንስ ዕውታት ኰይነን። ብደቂ-ተባዕትዮ፣ ጉብርኣብ የናስ ካብ መረብ ሰቲት፡ ያፌት ምስጥሮን ሄኖስ የማነ ካብ ፍረ-ጻዕሪ ሚንስትሪ ሕርሻ ተዓዊቶም። ኣብ ናይ 1500 ሜትሮ ዳብራ ናስር ካብ ኩባንያ ህንጻ ሰገን፡ ሴም ይከኣሎ ካብ ጉዳይፍ፡ ኣዶናይ ተስፋጽዮን ካብ ኣጮሻውል ዕውታት ደቂ-ተባዕትዮ ክኾኑ እንከለዉ፡ ሮዛ ሳለ ካብ መረብ ሰቲት፡ ፋጥማ ኣሕመድን ሄርሜላ ሰለሙንን ካብ ፍረ-ጻዕሪ ሚንስትሪ ሕርሻ ዕውታት ደቂ ኣንስትዮ ኰይነን። ኣብ ናይ 3000 ሜትሮ - ማርዶኪይ መሓሪ ብውልቁ፡ ብንያም ወልደሚካኤል ካብ ኣጮሻውል፡ ማትያስ መንገሻ ካብ ፍረ-ጻዕሪ ሚንስትሪ ሕርሻ ክዕወቱ እንከለዉ፡ ከምኡ'ውን ኣድያም ይሕደጎ ካብ ኢንሹራንስ፡ ማርያ ዓሊ ካብ መረብሰቲት፡ ኣርያም ሓድሽ ካብ ጉዳይፍ ቀዳሞት ዕውታት ኰይነን።




ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ዘቐደድዎ ናይ 5000 ሜትሮ ድማ የሴፍ ኣድም ካብ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ቀዳማይ ክኸውን እንከሎ፡ የናታን ክፍለ ብውልቁ፡ ናህም ተስፋይ ካብ ፍረ-ጻዕሪ ሚንስትሪ ሕርሻ ሰዒቦሞ።

ሰንበት ኣብ ጉደናታት ኣስመራ፡ ኣብ መንጎ ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ዝተኻየደ ናይ 10 ኪሎሜትር ናይ ጽርግያ ውድድር ድማ፣ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ እየብል ዘርኢት ካብ ፍረ-ጻዕሪ ሚንስትሪ ሕርሻ ቀዳማይ ደረጃ ክሕዝ እንከሎ፡ ሳይሞን መብራህቱ ካብ ጉዳይፍ፡ ዳኒኤል ወልደሰላሴ ካብ ፍረ-ጻዕሪ፡ ኮኾብ ጉብሩ ካብ ኩባንያ ህንጻ ሰገን፡ ማርዶኪይ መሓሪ ብውልቁ፡ የሴፍ ኣድም ካብ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ካብ ካልኣይ ክሳዕ ሻድሻይ ዘሎ ደረጃ ሒዞም። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኸኣ ፍዮሪ ጉብረህይወት ብውልቂ ቀዳመይቲ ዕውትቲ ክትከውን እንከላ፡ ሊድያ ኢሳቕን ሄለን ሊሞንን ካብ መረብ ሰቲት ድማ ሰዒበንኣ።

ኣብዚ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ዝተኻየደ ውድድራት ኣትሌቲክስ፡ ትሰፋዎት ኣትሌታት ክቕልቀሉ ብምኽኣሎም ብጽወታ ዝዖምጎም ክኸውን እንከሎ፡ እተን ንውድድራት ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል ደምቀት ዝሀበኦ ዝበራ ንኡሳን ዞባታት ገጠራት ተሳቲፎአን ከምቲ ዝድለ ኰይኑ ብዘይምቕራቡ ብኣሉታ ዝርአ'ዩ። ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል ከኣ ንኡሳን ዞባታት ጋላ-ነፍሓ፡ በርኽ፡ ሰረጀቃ ናብቲ ዝበረኦ ደረጃ ክምለሳ ከም ዘለወን ኣዘኻኺሩ።

## ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ...

ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት በዓል ናጽነት፡ ኣብ መንጎ ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥዮን ንፈለማ እዋን ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ገምገም ባሕሪ ኣብ መዓስከር ደንደን የካይድ ኣሎ። ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ዝቐደድኦ ጸወታ፡ ስምረት ንመኸተ 2ብ0፡ ሳዋ ድማ ንሓይሊ ኣየር 2ብ1 ረቲዐአን። ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ ሓሬና ንሓይሊ ኣየር፡ ዓምበርበብ ንሰላም፡ ሓይሊ ኣየር ንተሰኔ፡ ኢራብ ንዓምበርበብ ናይ 2ብ0 ዓወት ኣመዝጊቦም። ሰሉስ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ብደቂ-ኣንስትዮ፡ ሓሬና ንኣዋን መኸተን ብዘመሳሰሊ 2ብ0 ክረትዐአን እንከለዋ፡ ሰቲት ድማ ንሓይሊ ኣየር 2ብ1 ስዒረንአን። ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ዘቐደድዎ ጸወታ፡ ሓሬና ንዓምበርበብ 2ብ0 ክስዕርዎም እንከለዉ፡ ሳዋ ድማ ኣብ ልዕሊ ኢራብ ናይ 2ብ1 ዓወት ኣመዝጊቦም። ቀዳም ኣብ መኽፈቲ ናይዚ ውድድር ተራኺበን ጸወታአን ዘሰላሰላ ጋንታታት፣ ሳዋ ንተሰኔ፡ ሓይሊ ኣየር ንሰላም ስቲት ንስምረት 2ብ0 ረቲዐንአን።

በዚ ኣመዝጊበንኦ ዘለዋ ወጽኢት ከኣ ሰኑይ 19 ግንቦት ንናይ ፍጻመ ጸወታ መን ሓሊፉ ክራኸብ እዩ።

## ቦሎኛ፡ ደርቂ ፍርቂ ዘመን መኸተምታ ገይራትሉ




ስዊዘርላንዳዊ ኣጥቃዓይ ቦሎኛ ዳን ዶዩ፡ ኣብ ልዕሊ ኤሲ. ሚላን ወሳኒት ሸቶ ብምምዝጋቡ ንቦሎኛ ድሕሪ 51 ዓመት 'ኮፓ ኢጣልያ' ንኽትዓር ኣኽኢሉዋ። በዚ ናይ 1ብ0 ዓወት ድማ ኤሲ. ሚላን ድሕሪ 2003 ዋንጫ ክተልዕል ብዘይምኽኣላ ተወሳኺ ዓመት ክትጸበ ተገዲዳ ትርከብ።

ኤሲ. ሚላን ቅድሚ ሓሙሽተ መዓልቲ ምስ ቦሎኛ ኣብ 'ሰሪ ኣ' ተራኺባ 3ብ1 ረቲዓታ ብምንባሩ፡ እዚ ናይ ብቐደሚ ትማሊ ምሸት ጸወታ ብዓወታ ክዛዘም ዳርጋ ርጉጽ'ዩ መሲሉ ነይሩ። ሚላናውያን ቅድሚ ዕረፍቲ መራሒም ንምውጻእ ዘንቀዱ ክመስሉ ድማ፡ ቀልጢፎም ናብ ፈተነ ኣትዮም። ሳላ ሓላዊ ልዳት ሉካስ ስክሮስኪ ግን ክሰልጦም ኣይከኣለን።

ኣብ 53 ደቒቕ ግን እዚ ኣብ ታሪኽ ቦሎኛ ስሙ ብወርቂ ቀለም ክጽሓፍ በቒዑ ዘሎ ዳን ዶዩ ታሪኻዊት ሸቶ ብምምዝጋቡ፡ ቦሎኛ ድሕሪ 1974 ዋንጫ ክተልዕል ክኢላ። ቦሎኛ በዚ ዓወት ኣቢላ ዝመጽእ ዓመት ተሳቲፎኣ ኣብ ሊግ ኤውሮጳ ከተረጋግጽ እንከላ እቲ ምስ ፊዮረንቲና ብምዃን ኣብ ሰለስተ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ዝተረትዐ ወዲ 47 ዓመት ኣሰልጣኚ ቦሎኛ ቪንቸንሶ ኢታሊያኖ፡ ናይ መጀመርያ ዓቢዩ ዋንጫ ዓቲሩ። ቪንቸንሶ ነቲ ናብ ጁቬንቱስ ዝተሰጋገረ ትያጎ ሞታ ተኪኡ ኣብ ክረምቲ መንበር ምስልጣን ቦሎኛ ተረኪቡ። ዝ ናይ ብቐደሚ ትማሊ ዓወቶም ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "በዚ ሎሚ ዘርኣናዮ ብቕዓት፡ ዝዋገቡና ረኺብና። እቲ ደገፍትና ዝዋገቡኦም፡ እዛ ዓመት ብዋንጫ ዘውዲ ደፊእና ኣሎና" ኢሉ።

ካብ 2008 ኣትሒዙ ጁቬንቱስ፡ ኢንተር ሚላን፡ ናፖሊ፡ ላዝዮ ኣብ ኢጣልያ ዝርከብ ውድድራት ክዕወታሉ ዝጸንሓ ክሉባት ክኾና እንከለዋ፡ ሕጂ ድማ ቦሎኛ ተጸንቢራተን ትርከብ። ቦሎኛ፡ ንዋንጫ ኮፓ ኢጣልያ ኣብ 1970 ከምኡ'ውን 1974 ኣልዒላታ ነይራ'ያ።

## ዩናይትድ፡ ትጥሕል ዘላ መርከብ

"ዝሕፍር" እታ ንመግለጺት ማንቸስተር ዩናይትድ ሓዙ ዝርከብ ሩብን ኣሞሪም እትገልጾ ቃል'ያ። ኣሞሪም፡ ንምስጓግ ኤሪክ ተንሃግ ተኺኡ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር መንበር ምስልጣን ምስ ተረኸበ፡ ኣብ መጽሓፍ ታሪኽ እዛ ክሉብ ዝሓመቐ ክብረ-ወሰናት ኣብ ምምዝጋብ ይርከብ። ኣሞሪም፡ ንዩናይትድ ካብ ተንሃግ ክርከብ እንከሎ፡ ካብ ትሸዓተ መኽፈቲ ጸወታ ኣብ ሰለስተ ጥራይ ተዓዊታ፡ መበል 14 ደረጃ ሒዛ ናይ ቀልቀለት ጉዕዞ ጀሚራያ ጸኒሓቶ። ዝላ ብሓደሽ ኣሰልጣኒ ተተሲፋያ ዝቖጸረቶ ኣሞሪም ግን ጽልሙት ወቕቲ ከተሕልፍ'ዩ ቀሲቡዋ። ካብ 25 ጸወታታት ሊግ 24 ነጥቢ ጥራይ ብምእካብ ካብ ዝምልሳ ክሉባት ብሓደ ደረጃ በርካ ኣብ 16 ተሰሪዓ ኣላ። ኣሞሪም፡ ናይ ዓወት ጸብጻቡ ክረአ እንከሎ 24% ሓዙ ደርኩቡ። ምስተን ኣብ ምምላስ ዘይርከብ 16 ጋንታታት ኣብ ዘቐደዶ ጸወታ፡ ካብቲ ክእከቦ ዝበሮ 87 ነጥቢ 23 ጥራይ ክሕዝ ክኢሉ። ኣሞሪም ድሕሪ 26 ጥራ ነተን ኣብ ምምላስ ዝርከባ ኢፕስዊችን ሌስተርን ጥራይ'ዩ ረቲዑወን። ኣብዘን ተረፈንኦ ዘለዋ ግጥማት ዓወት ከመዝግብ እንተዘይክኢሉ፡ ካብቲ ኣብ 1930-31 29 ነጥቢ ብምእካብ ንድሕሪት ዝተመለሰሉ ዝተሓተ ነጥቢ ክሕዝ'ዩ። ኣብ ሓደ ናይ ውድድር ዓመት ኣብ ሜዳኦም ኣብ ትሸዓተ ግጥማት ብምስዓሮም፡ ምስቲ ዝሓመቐ እዋናቶም ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዓመታት 1930-31፡ 1933-34፡1962-63 ክመጻጸር እንከሎ ዝበኣሰ ወርደት ኰይኑ ኣሎ። ኣብ 1973-74 ኣብ ሓደ ወቕቲ ኣብ 20 ግጥማት ክርትዑ እንከለዉ፡ ሎሚ ዓመት ድማ ኣብ 17 ግጥማት ብምርትዖም ዝኸፈአ ግዜያት ኣብ ምሕላፍ ይርከቡ። መርከብ ዩናይትድ እናጠሓለት ኣብ ትግዕዘሉ ዘላ እዋን፡ ናይ ምድሓን ሓላፍነት ዝተሰከመ ካፕተን ኣሞሪም ድማ፡ ዝውሕድ ዓወት እናመዝገበ ነቲ ጉዕዞ ይቕጽሎ ኣሎ። ኣሞሪም፡ ድሕሪ ፈርጉሰን መንበር ምስልጣን ካብ ዝተረከቡ ኣሰልጠንቲ፡ ካብቲ 50% ዓወት ኣመዝጊቡ ኣብ ድሕሪት ዝጸንሐ ዴቪድ ሞየስ ሓሊፉ፡ ብ24% ዓወት ኣብ ድሕሪት ተሰሪዑ ደርኩቡ። ዩናይትድ፡ ኣንጻር ቸልሲን ኣስቶን ቪላን ናይ መወዳእታ ጸወታ ኣካይዳ ዓወት ዋላ እንተ ኣመዝገበት፡ ደረጃኣ ካብ 13 ኣይክትሓልፍን እያ። እዚ ኸኣ ካብቲ ናይ ዓሚ ብ5 ደረጃ ዝተሓተ'ዩ። ሒዛቶ እትውድእ ነጥቢ'ውን 45 ብምዃኑ (ሕጂ 39 ነጥቢ ኣሎዋ)፡ ካብቲ ኣብ 2021-22 ኣኪባቶ ዝወደኣት ብ13 ዝተሓተ ብምዃኑ ኣብ መዝገብ ዝተሓተ ካብ ምስፋር ኣይክተርፍን'ዩ።

እቲ ካልእ ገጽ ዩናይትድ፡ ሊግ ኤውሮጳ እዩ። ኣብ ውድድራት ሊግ ኤውሮጳ ከይተሰዕረት ትግዓዝ ብምህላዋ፡ እዚ ኣብ ፕሪመር ሊግ እተሕልፎ ዘላ ጸገኩር እዋን መድሎ ዝህብ'ዩ። 21 ግንቦት ኣብ ልዕሊ. ቶተንሃም ዓወት ኣመዝጊባ ዋንጫ እንተልዒላ፡ ደገፍታ ንእሽተይ መደበሲታ ክረኽቡ ክሕግዞም እዩ። እንተ ኣሞሪም፡



"ንጸመታ ኣዛ ክሉብ ሒዚዎ ይቕጽል ወይስ ኣይቕጽልን?" ኣብ ዝብል ምግት ምእታው ኣይክተርፍን'ዩ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ፈረንሳ፡ ንዩክሬን ተወሳኺ ወተሃደራዊ ሓገዝ ከም ዘይትህባ ኣፍሊጣ

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን፡ ሃገሩ ንዩክሬን ተወሳኺ ወተሃደራዊ ሓገዛት ክትህባ ዓቕሚ ከም ዘይብሉ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ምስ ተለቪዥን ሃገሩ ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት ሓቢሩ።

ኣብቲ ቃለ መሕትት፡ ኢማኑኤል ማክሮን፡ መንግስቲ ፈረንሳ ክሳብ ሕጂ ንዩክሬን ንምሕጋዝ ዝኸኣሎ ከም ዝገበረ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ግን ንውሕስነት ሃገሩ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትዩ ንዩክሬን ክሕግዝ ከም ዘይክእል ኣረዲኡ።

ዩክሬን ኣብ 2022 ምስ ሩስያ ኣብ ኲናት ካብ ትጽመድ ንደሓር፡ ካብ ፈረንሳ ናይ ልዕሊ 4.1 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ሓገዝ ከም ዝተመጠወት መዛግብቲ ናይ'ታ ሃገር የመልክቱ።

ፕረዚደንት ኢማኑኤል ማክሮን ኣብቲ መግለጺ'ቲ ዘሰምዖ ዘሎ፡ ፈረንሳ ብሰንኪ ንዩክሬን ክትህቦ ዝጸንሐት ወተሃደራዊ ሓገዛት ኣብ ዝቐቅ ቁጠባዊ ቅልውላው ተሸሚማ ኣብ ዘላትሉ እዋን እዩ።




## ኣመሪካን ቀጠርን፡ ናይ ቢልዮናት ዶላር ስምምዓት ከቲመን

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ዝሓለፈ ረቡዕ ናብ ቀጠር ድሕሪ ምእታው፡ ብውሑዱ 1.2 ትሪልዮን ዶላር ዝግመት ኣታዊ ዘመንጩ ንግዳዊ ስምምዓት ምስ ኣሚር ቀጠር - ሸኽ ታሚም ቢን ሓማድ ኣልታኒን ከም ዝኸተመ፡ ቤት ጽሕፈት ቤት መንግስቲ ኣመሪካ ሓቢሩ።



ብመሰረት እቶም ዝተኸተሙ ስምምዓት፡ መንገዲ ኣየር ቀጠር ኣብ ኣመሪካ ካብ ዝመደበሩ ትካል መፍረ ነፈርቲ ቦይንግ፡ 96 ቢልዮን ዶላር ዝዋገኣን '787 ድሪምላይነር' ን '777X' ን ዝዓይነተን 210 ናይ መጎዓዝያ ነፈርቲ ክገዝእ እዩ።

እዚ ብቑጠር ዝቐረበ ብዝሒ ጠለብ ነፈርቲ፡ ኣብ ታሪኽ ትካል መፍረ ነፈርቲ ቦይንግ እቲ ዝዓበየ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ትራምፕ፡ ብስዑዲ ዓረብን ቀጠርን ዝጀመሮ ዑደት፡ ትማሊ ሓሙስ ናብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ብምብጻሕ ከም ዝዛዘሞ ተፈሊጡ።

## መራሕቲ ኣመሪካን ሶርያን ተራኺቦም

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ሪያድ - ርእሰ ከተማ ስዑዲ ዓረብ ምስ ግዝያዊ ፕረዚደንት ሶርያ ኣሕመድ ኣል-ሻራ ኣብ ዝተራኸብሉ እዋን፡ ዋሽንግተን ምስ ደማስቆ ዘለዋ ርክብ ናብ ንቡር ንምምላስ ትሓስብ ከም ዘላ ገሊጹ።

መራሕቲ እዘን ክልተ ሃገራት፡ ድሕሪ 25 ዓመታት እዮም ንመጀመርያ እዋን ዝራኸቡ ዘለዉ።

ትራምፕ፡ ኣብቲ ምስ መራሕቲ ቤት ምኽሪ ምትሕግጋዝ ወሽመጥ ዓረብ ዘካየዶ ርክብ፡ ነቲ ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ሶርያ ኣጽኒዓቶ ዘላ ማዕቀባት ክተልዕሎ ከም ዝወሰነት ወሲኹ ሓቢሩ።



ቤት ጽሕፈት ቤተ መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ድማ፡ ኣብቲ ዝተኻየደ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኣሕመድ ኣል-ሻራ ኣብ ሃገሩ ንዝርከቡ ኣሸበርቲ ዝበሎም ፍልስጤማውያን ንኸየጥርነፆም፡ ምስ እስራኤል ዘለዎ ርክብ ናብ ንቡር ንኽመልሶ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሶርያ ንዝርከቡ መዳግቲ ማእከላት ዳዕሽ ሓላፍነት ንኽወስደሎም ፕረዚደንት ትራምፕ ሕቶ ከም ዘቕረበሉ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኣል-ሻራ ዝሓለፈ ረቡዕ ካብ ስዑዲ ዓረብ ናብ ሃገሩ ድሕሪ ምምላሱ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኣመሪካ ኑቲ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ኣጽኒዓቶ ዘላ ማዕቀባት ክተልዕሎ ብምውሳና፡ ህዝቢ ሶርያ ዝሓሸ መጻኢ ይጽበዮ ከም ዘሎ ገሊጹ።

## ኢራን፡ ብምፍርራሕ ትራምፕ ከም ዘይትንበርከኽ ገሊጻ

ፕረዚደንት ኢራን ማሱድ ፔዝሽኪያን፡ ሃገሩ ቡቲ ካብ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ዝመጽኣ ዘሎ ምፍርራሕን ነቐፌታን ተነዒላ ከም ዘይትንበርከኽ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣመሪካን ኢራንን ኣብ ኑክሌሳዊ መደባት ቴህራን ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕ፡ ብመንገኛነት ዖማን ኣርባዕተ ግዜ ዝርርብ ከም ዘካየዳ ዝዘከር እዩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ሃገሩ ኣብ



ብመንግስታዊ ቴሌቪዥን ሃገሩ ኣቢሉ ዘመሓላለፎ መግለጺ ሓቢሩ።

ኣብቲ ብቤት ምኽሪ ምትሕብባር ወሽመጥ ዓረብ ዝተኻየደ ዋዕላ ዝተረኸበ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ሃገሩ ምስ ኢራን ኣብ ዝኾነ ስምምዕ ቅድሚ ምብጻሓ፡ ኢራን ሽበራውያን ምምዋል ደው ክተብል፡ ብውክልና ደማዊ ኲናት ካብ ምኽያድ ክትቁጠብ፡ ከምኡ'ውን ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ካብ ምምዕባል ክትሕረም ከም ዘለዋ ገሊጹ ነይሩ።

ኑክሌሳዊ መደባት ኢራን ኣመልኪታ ምስታ ሃገር እተካይዶ ዘላ ዝርርብ ክዕወትን ዘይክዕወትን ኣብ ውሳነ ኢራን ከም ዝምርኮስ ኣተሓሳሲቡ ኣሎ።

ዝሓለፈ ረቡዑ ኣመሪካ፡ ኢራን ብውሽጣዊ ዓቕማ ባለስቲክ ሚሳይል ኣብ ምምዕባል ተጸሚዳ ከም ዘላ ብምኽሳስ፡ ኣብ ልዕሊ ሸዱሽተ ውልቀ ሰባትን 12 ትካላትን እታ ሃገር ማዕቀብ ከም ዘጽደቐት፡ ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ ሓቢሩ ኣሎ።

## ነታንያሁ፡ ንሓማስ ክድምስሶ ምኻኑ ቃል ኣትዩ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ነታንያሁ፡ ሰራዊት እስራኤል ኑቲ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዓስኪሩ ዝርከብ ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ ኣብዚ ቀረባ እዋን ምሉእ ብምሉእ ከጥፍኦ ምኻኑ ቃል ኣትዩ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ወሲኹ፡ መንግስቲ እስራኤል፡ ኑቶም ብሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ ዜጋታቱ ንምልቃቕ፡ ምስቲ ዕጡቕ ጉጅለ ዝርርብ ክካይድ መደብ ከም ዘለዎ ገሊጹ።

ሰራዊት እስራኤል፡ ኑቲ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዘካይዶ ዘሎ ደብዳብ፡ ሓማስ ጠቕሊሉ ክሳዕ ዝጠፍእ ክቕጽሎ ምኻኑ ኣነጺሩ ኣሎ።

ቤንያሚን ነታንያሁ ኣስዒቡ፡ ሃገሩ፡ በርጌስ ፍልስጤማውያን ካብ ወሽመጥ ቓዛ ንኽወጹ ዝሕግዝ ኣመሓዳሪ ኣካል ኣቚማ ከም ዘላ ብምጥቃሱ፡ እንተ ኾነ፡ ኑቶም ካብ ዓዶም ዝለቑ ፍልስጤማውያን ክተዕቁብ እትኽእል ወለንተኛ ሃገር ክትረኽብ ከም ዘይከኣለት ሓቢሩ።

ንሱ ነዚ መግለጺ'ዚ ዝሀበ ዘሎ፡ ሰራዊት እስራኤል ኣብ ካን ዩኒስ ኣብ ዝርከብ ሆስፒታል - ንመራሒ ሓማስ መሓመድ ሲንዋር ዒላማ ዝገበረ ደብዳብ ነፋሪት ድሕሪ ምኽያዱ እዩ።

ሰራዊት እስራኤል፡ ሓማስ ኣብ ትሕቲ እቲ ሆስፒታል "ማእከል መኣዘዝን መቆጻጸርን" ኣቚሙ ከም ዝጸንሐ'ዩ ዝኸሰሰ ዘሎ።

እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ ብእተካይዶ ዘላ - እንተላይ ንቘልዓ ሰበይቲ ዒላማ ዝገበረ ደማዊ መጥቃዕትታት፡ ዛጊት ልዕሊ 60 ሽሕ ፍልስጤማውያን ከም ዝተቐትሉ፡ ሰበ ስልጣን ናይ'ቲ ወሽመጥ ይሕብሩ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቊ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሂወት | 16/05/25 | ጎደና ብድሆ፡ ከባቢ ሽዳ ፡ (ጥቓ ኢንሹራንስ ነበር) | 123355 |

ፋርማሲ ቊ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቊ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services